# ኤ ር ት ራ ዊ
# ዲሞክራሲያዊ
# ሰ ል ፊ ሃ ገ ር

## ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ

ጥቅምቲ - 2019

## መእተዊ፥

ሽሕ'ኳ ህልው ፖለቲካዊ ኣንፈት ይጸበብ ይመስል እንተሃሎወ'ኳ፡ ንሕና ካብ ሃገራዊ ሓላፍነትና ብምንቃልን፡ ኤርትራዊ ኩውንነትና ብኩለንትናኡን መስርሓቱን ብምርዳእ፡ ኣብ ጥቅምቲ 2019 ዝተጋበአ ሻዱሻይ ጠቅላላ ጉባኤ ዘጽደቖ ፖለቲካዊ መደብ ዕዮ እንሆ ነቀርብ ኣሎና። ብእኡ ኣቢልና ስትራተጂካዊ ራእዩና፣ ዕላማና፣ ኣገባባትናን መደብ ዕዮናን ነንጽር። እዚ ካኣ ካብ ህልው ጸበባ ንምውጻእ ጥራይ ዘይኮነስ፡ ንኩሉ ህዝቢ ኤርትራ እትሓቁፍ ሓዳስ ዲሞክራስያዊት ሃገር ምህናጽ ምርግጋጽ'ዩ። ኩሉ ኤርትራዊ ዜጋ፡ እንተላይ ኣብ መሬት ኤርትራ ዝነብር ዝኾነ ሰብ ብክብረት ዝነብረሉ ጥዑይ ሃዋሁ ምፍጣር'ውን'ዩ። ከምኡ'ውን ለውጢ ንገዛእ ርእሱ ካብ ውሽጢ ሰልፊ ብምትዕጽጻፍ፣ ኩውንነታዊ ፕሮግራሙን ምሕዳስ መሪሕነቱን ከም ዝጅመር ነርጋግጽ። ህዝቢ ኤርትራ ዝደልዮ ዝሓሸ ኩነታት ንምምጻእ ጽኑዕ ተስፋን ጥሙሕን ኣሎና።

# ቀዳማይ ምዕራፍ
# ጂኦግራፍን ተሪኽን ኤርትራ

## 1/ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ፥

ጠቅላላ ስፍሓት ኤርትራ 121320 ኪሎ ሜትር ትርብዒት ትኸውን። ምስ ሱዳን ብሰሜን ምዕራብን 605 ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ መስመር ዶብ መሬት፣ ምስ ኢትዮጵያ ብደቡብ 912 ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ መስመር ዶብ መሬት፣ ምስ ጂቡቲ ድማ ብደቡባዊ ምብራቅ 113 ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ መስመር ዶብ መሬት ትዳወብ። ኣብ ርእሲኡ ካብ ምስ ሱዳን ዝዳወብ ሰሜናዊ ጫፍን " ራስ ቁሳር " ክሳብ ምስ ጂቡቲ ዝዳወብ ደቡባዊ ምብራቅ ጫፍ " ራስ ራሓይታ " ዝዝርጋሕ ዝያዳ 1000 ኪሎ ሜትር ዝንውሓቱ ገማግም ባሕሪ ኣሎዋ። ከምኡ'ውን (126) ደሴታት ትውንን። ካብኣተን እተን ዝዓበያን ስትራተጂካውያንን ደሴታት ካኣ፡ ዳህላክ፣ ፋጥማን ሓሊብን'የን። ኣብ ሳልሳይ ክፍለ ዘበን ቅድሚ ልደተ ክርስቶስ፡ ግሪኻውያን ብዝሃነጹዎ ታሪኻዊ ወደብ " ዓዶሊስ" 'ውን ትፍለጥ።

## 2/ ስትራተጂካዊ ኣገዳስነታ፥

ስትራተጂካዊ ኣቀማምጣ ኤርትራ፣ ካብ'ቲ ብፐትሮል ሃብታም ዝኾነ ዞባ ማእከላይ ምብራቕን፡ ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ካብ ማእከላይን ቀረባን ምብራቅ ናብ ኤሮጳን ኣመሪካን መመሓላለፊ ሽቀጣት ዝኾነ ስትራተጂካዊ መጻብቦ ባብ-ኣል መንደብን ቀረባ ከም ምዃና መጠን፡ ናይ ሓያላት ሃገራት ትኩር ተገዳስነት ክትስሕብ ጌሩዋ። ከምኡ'ውን ኣብ'ቲ ዞባ ዝርከብ ምንጭታት ባህሪያዊ ጸጋታት፡ ናይ ዓለማዊ ሸሪካታትን (ካምፓኒታት) ሃገራትን ስሕበት ዝውስኽ ካልእ ረቛሒ'ውን ኮይኑ። እዚ ካኣ'ዩ ንኤርትራ ኣብ ኩሉ ታሪኻዊ ዘበናት ብናይ ወጻኢ ሓይልታት ምስፍሕፋሕ ዕላማ ክትሳጣሕ ዝገበራ።

## 3/ ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ፥

ኣቀማምጣ ኤርትራ፡ ኣብ መንጎ ክልቴኡ ኣህጉራት ኤስያን ኣፍሪቃን ዝፈሊ ከባቢ ከም ምዃኑ መጠን፡ ናይ ሓማውያንን ሰማውያንን ህዝቢታትን፡ ዝተፈላለዩ ቋንቋታትን መጸንበርን፡ ናይ ባህልታትን ሃይማኖታትን መራኸብን ዓውዲ ኮይናʼያ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ኣብ ኤርትራ ኣስላምን ክርስቲያንን ኣፍሪቃዊ ባህላዊ እምነትን ይርከቡ።

ህልው ዶባት ኤርትራ ካብ 1885 ክሳብ 1941 ኣብ ዝቐጸለ ኢጣልያዊ መንግዛእቲ ዝተሓንጸጸ'ዩ። ብሪጣንያዊ መግዛእቲ ድማ ንዕኡ ተኪኡ ክሳብ 1952 ቐጸለ። ብድሕሪኡ ሓያላን ሃገራት ብመንገዲ ሕቡራት ሃገራት ኣቢለን፡ ናይ'ቲ ሙሉእ ናጽነት ዝጠልብ ድልየት መብዛሕትኡ ህዝቢ ኤርትራ ጎስየን፡ በስገዳድ ኤርትራ ምስ ኢትዮጵያ ብፈደረሽን ኣተኣሳሰሮምዋ። እንተኾነ ግና፡ ኢትዮጵያ ነቲ ፈደረሽን ክትጻወሮ ስለዘይከኣለት ብኢደ ወነና ብምፍራስ፡ ኤርትራ ኣካል ጠቕላይ ግዛት ኢትዮጵያ ምዃና ኣወጀት። ሕቡራት ሃገራት ንውሳኔኣ ክትከላኸል ኣይደለየትን። ስለ'ዚ ድማ ህዝቢ ኤርትራ ዝተመዘዐ መሰሉን ሃገሩን ንምምላስ መንገዲ ዝተናወሐ ብረታዊ ተጋድሎ ከሓሪ ተገደደ።

# ካልኣይ ምዕራፍ
# ፖለቲካዊ ኩነታት ስርዓትን ተቓውሞን ኤርትራ

## 1/ ሃገራዊ ናጽነት ምጒንጻፍ፥

ህዝቢ ኤርትራ ሓያል ድልየት ሓርነትን ናጽነት ስለዝነበሮ፡ ኣንጻር ገዛእቲ ከከም ጊዜታትን ቦታትን ዘፍቐደሉ ዝተፈላለዩ መልከዓት ተቓውሞኡ ቐጺሉ። ኣብ ኣርባዓታት ፖለቲካ ሰልፊታትን ዝተፈላለዩ በርጌሳዊ (ስቭላዊ) ማሕበራትን ተመስረታ። ብብዙሓት ቋንቋታት ዝጸሓፉ ጋዜጣታት'ውን ተተኸላ። ኣብ'ቲ እዋን'ቲ እቲ ኣዝዩ ዝተዘውተረ ኣገባብ ቃልሲ፡ ፖለቲካ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ'ዩ። ኣብ መጀመርታ ሓምሳታት ድማ፡ ተቓውሞኡ ብመንገዲ ኣዳራሽ ፓርላማ ፈደረሽን ነበረ። ድሕሪኡ ብቐንዱ ብመርሕነት ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ደረጃ ብደረጃ ናብ መልከዓት ሰላማዊ ሰልፊታትን ስቪላዊ ኣድማን ደየበ። በዚ ኣገባብ ቃልሲ፡ ጎበጣ መግዛእታዊ ስርዓት ምግታእ ኣይተኻኣለን። ስለ'ዚ ካኣ፡ ኣብ ቅድሚ ህዝቢ ኤርትራ ብዘይካ'ቲ ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብመሪሕነት ስዉእ ሓምድ እድሪስ ዓዋተ ኣብ 1961 ዝኣወጀቶ ሕርያ ብረታዊ ቃልሲ ካልእ መማረጺ ኣይነበረን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣፍሪቃ ዝተናወሐ ሓርነታዊ ተጋድሎ ዝኾነ ዕጥቃዊ ቃልሲ ብምክያድ፡ ኣብ ግንቦት 1991 ነቲ ዘይሰዓር ዝመስል ዝነበረ ሰራዊት መግዛእቲ ኢትዮጵያ ደምሲሱ፡ መላእ ኤርትራ ሓራ ገበራ። ኣብ 1993 ካኣ፡ ሕቡራት ሃገራት ብተዓዛብነት ኣብ ዝተኻታተለቶ ረፈረንዱም 99.83 % ንረብሓ ሙሉእ ናጽነት ስለዘድመጸ፡ ኤርትራ ልዑላውትን ናጻን ሃገር ኮነት።

## 2/ ጊዝያዊ መንግስቲ፥

ህዝባዊ ግንባር ሓርነት ኤርትራ ብድሕሪ ናጽነት ካብ በዓሉ ጊዝያዊ መንግስቲ ኣቀሙ። ከምኡ ኢሉ  ከሳብ ሎሚ ጊዜያዊ መንግስቲ ኮይኑ ቐጺሉ። ኣብ ዝያዳ ርብዒ ዘበን ዕድመ ውልዶ ሃገረ ኤርትራ፡ ናይ ህዝቢ ኤርትራ ትጽቢታት ከረጋግጽ ኣይከኣለን። ገዛኢ ሰልፊ ህግደፍ ኣብ ውሽጡ ዲሞክራሲ ምርግጋጽ ስለዘይከኣለ፡ ካብ 1994 ከሳብ ሕጂ ውድባዊ

ጉባኤኡ ኣየካየደን። ከምኡ'ውን ናይ ህዝቢ ኤርትራ ሕቶታት ፍትሒ፣ ልምዓት፣ ምርግጋእ፣ ህንጸትን ክምልሽን፡ እትኒካውን ፖለቲካውን ብዙሕነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሓቑፍ ኣጠቓላሊ ሃገራዊ ራእዩ ከቀርብን ኣይከኣለን። እዚ ፍሽለት'ዚ፡ ኣብ ልዕሊ ሃገረ ኤርትራ ፖለቲካዊ፣ ምሕደራውን፣ ቁጠባውን ከቢድ መዘዝ ከስዕብ ይርከብ ኣሎ። ህልው ገዛኢ ስርዓት፡ ጸጋታት ሃገር ኣብ ዘይመዓላኡ ብምፍሳስ፡ ኤርትራ ኣብ ልምዓት፣ ምርግጋእን ህንጸትን ኣብ ጭራ ክትስለፍ ኮይና። ናይ ዜጋታታ ሰብኣዊ መሰላት ዝገሃሰላ፣ ድኽነት ዝዓሞቁላ፣ ዜጋታታ በብዝሒ ዝስደዱዋን፡ ዶባታ እናሻዕ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ዝውጠርን ክትከውን'ውን ኮይና። ከምኡ'ውን ስርዓት ህግደፍ ኣብ ዞባዊ ግጭታት ስለዝተጸምደ፡ ከም ዞባዊ ጠንቂ ዘይምርግጋእ ሰላም ቀርኒ ኣፍሪቃ ተቖጽሩ ብኣህጉራዊ እገዳታት ክሳጣሕ ዘንሑ'ዩ። ቅድሚ ኩሉ ግን፡ ጸረ ህዝቢ ኤርትራ'ዩ።

## 3/ ተቓውሞ ኤርትራ፥

ህልው ስርዓት ኣንጻሩ ህዝቢ ኤርትራ ክለዓዓል ዝድርኽዎ ከም ማእሰርቲ፣ ጭውያ፣ ምዕፋን፣ ህዝቢ ምጥማይ፣ ናይ ህዝቢ መሰረታዊ ሓርነታት ምዕፋንን ንብረቱ ምህጋርን፡ ኮታ ዘይተጠቀመሉ መልክዕ ግፍዒ የሎን።

ስለ'ዚ ዝሰፈሐ ህዝቢ ኤርትራ ናብ ተቓዋሚ ስርዓት "ኢሳያስ ኣፈወርቂ" ተለዊጡ ክበሃል ይከኣል'ዩ። ኣብ'ዚ ካኣ፡ ነቶም ናይ ቃልሲ ብጾቱ'ውን'ኳ ኣይናሕሰየሎምን። ሓያሎይ ካብኣቶም ብዘይፍርዲ፡ ወይ ዝተፈረዱዎ ጊዜ ብዘይምፍላጥ፡ ዝነኣሰ መሰል እሱር ኣብ ዘይብለን ኣብያተ ማእስርቲ ተዳጒኖም ይርከቡ። ካብ'ዚ ክውንነት'ዚ ብምብጋስ፡ ኣገባባትን መልክዓትን ተቓውሞ ክበዝሕ ኮነ። ከም ውጽኢቱ ድማ፡ ምእንቲ ዲሞክራስያዊ መተካእታ ንምርግጋጽ ዝቓለሳ ውድባት ክበዝሓ ዝኾና። ጌና ዓውዲ ተቓውሞ ስፍሓቱ መዓልታዊ እናዛየደ ይቐጽል ኣሎ።

## 4/ ገምጋም ተሞኩሮ ኤርትራዊ ተቓውሞ፥

ህልው ስርዓት ንምቅያርን ኣምሳያኡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ዝቃለሳ ዘሎዋ ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ኣብ ናይ ነዊሕ ዓመታት ፖለቲካዊ ውርሻታት

ዝተሞርኮሳየን። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዲሞክራስያዊ ኣካይዳን ውሳኔ ህዝቢ ምቅባልን፡ ንህዝብታት ዞባ ዝቐደመ ኔሩ’ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ኣርባዓታት ዝሓለፈ ክፍለ ዘበን፡ ማለት ኣብ እዋን መሰል ርእሰ ወሳኔ፡ ብመንገዲ ፖለቲካዊ ሰልፍታትን በርጌሳዊ ማሕበራትን ኣቢሉ፡ ከም ኣብነት ክውሰድ ዝከኣል ግብራዊ ስቪላዊ (በርጌሳዊ) ፖለቲካዊ ዲሞክራስያዊ ቃልሲ ኣካይዱ’ዩ። እዚ ካኣ፡ ነቲ ህልው ስርዓት፡ ህዝቢ ኤርትራ ጌና ድሑር ስለዝኾነ ዲሞክራሲ ክጻወር ኣይክእልን’ዩ እናበለ ንዝነዝሖ ፕሮፓጋንዳዊ ሓሶት ዘቃልዕ’ዩ።
መብዛሕቲኡ ዝተወደበ ህልው ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ መቐጸልታ ሰውራ ኤርትራ’የን። ሽሕ’ኳ ኣብ ዝተረጋገአትን፡ ሓፈሻውን ውልቃን ሓርነታት ዝሰፈናን ሃገር፡ ፖለቲካዊ ቃልሲ ብምክያድ ኣብ መስርሕ ህንጸትን ልምዓትን ሃገር ንምስታፍ ድልየት፣ ቅሩብነትን ተበጉሶታትን እንተ ነበረን፡ ስርዓት ህግደፍ ኣብ ትሕቲ ውልዶ ሃገረ ኤርትራ ፖለቲካዊ ኮነ፡ ስቪላዊ ዕዮ ንምክያድ ዕድል ኣይሃበንን። እኳ ደኣስ ካብኡ ወጻኢ ዝጸነሓ ውድባት ኤርትራ ዓመጻዊ ኣገባብ ብምኽታል፡ ብሓይሊ ብረት ካብ ሱረን ክምሕወን ፈተነ። ብሰንኩ ድማ፡ ገሊአን ነቲ ስርዓት ከም’ቲ ንሱ ዝጥቀመሉ ኣገባብ ክምኪታኦ ሰውራውን ዕጥቃውን ተቓውሞአን ክቕጽላ ክግደዳ እንከሎዋ፡ ገሊአን ድማ ኣብ ዲያስፖራ ሰፊሕ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ብምውዳብን፡ ሰላማዊ ሰልፊታት ብምክያድን ሰላማዊ ኣገባብ ቃልሲ ሓረያ። ብሓፈሻ ኣብ መንጎ ተቓውሞ ፖለቲካውን ስቪላውን ሓይልታት ኤርትራ፡ ህልው ኩነታት ንምቅያርን መርገጻተን ምውህሃድን ሓፈሻዊ ስምምዕ ኣሎ።
ተቓውሞ ሓይልታት ኤርትራ፡ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ጽላላት ንምምስራት ካብ ምሕዝነት ክሳብ ሃገራዊ ባይቶ ንደሞክራሲያዊ ለውጢ፡ ከምኡውን ሓባራዊ ፖለቲካዊ ፈስቲቫላትን ሰነ ጥበባውን መድረኻት ንምቛም ብርክት ዝበሉ ፖለቲካዊ ተቦጉሶታት ኪወስዳ ጸኒሐን’የን። ኣብ ባይታ ዘመዝግብዎ ዓቐን ፖለቲካዊ መኸሰባት ብዘየገድስ፡ እዚ ንገዛእ ርእሱ ከም ጎስጋስ ንቐሓትን፡ ጸላዊ ዘበናዊ ኣቀላልሳን ዝቁጸር’ዩ። እቲ ከም ኣገዳሲ ዝውሰድ፡ ሓድነት ህዝብን መሬትን ኤርትራ ምዕቃብ፣ ሃገራዊ ልዑላውነት ምሕላውን፡ ሕብረተ ሰብኣዊ ምትእስሳር ምጽናዕን ዝኣመሰሉ ሃገራዊ ሞቆሚያታት ምዕዛዝ’ዩ። ከምኡ’ውን ባህሊ ዘተ

ንምስራጽ፣ ኣብ መንጎኣን ዝርከብ ዘፈላሊ ጉዳያት ብሰላማዊ ኣገባብ ምፍታሕ ምጽዓርን ዕድላት ሓባራዊ ዕዮ ምብራኽን'ዩ። እዚ ማለት ግን፡ መድረኻዊ ዕላማኣን ህልው ገዛኢ ስርዓት ምቅያር ክንሱ፡ ንዕኡ ዘደናጕ ምኽንያታት ዝኾኑ ድኹም ፖለቲካዊ ጎኒታት፣ ፍሽለታትን ውሽጣዊ ጸገማትን ኣይነበረንን ማለት ኣይኮነን። ብሰንኩ ድማ ኣብ ልዕሊ ህልው ገዛኢ ስርዓት ኣብ ኣህጉራዊ ዓውዲታት ኣድማዒ ተጽዒኖታት ዘንብሩሉ ዞባውን ኣህጉራውን መሓዙት ሓይልታት ክረኽባ ኣይከኣላን።

## ሳልሳይ ምዕራፍ፥
## ሕብረተ ሰብኣዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ስኒት

### 1/ ሃገራዊ ሓድነት፥

ህዝቢ ኤርትራ ኣብ ዘበናዊ ታሪኹ፡ ኣብ በበይኑ ጊዜን ቦታን ንቕሓቱ ብዝዋህለሉን ሓድነቱ ኣብ መስርሕ ፖለቲካዊ ክሊ ዘማዕበሉን ዓበይቲ መድረኻት ሓሊፉ'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ ብዓቢኡ ኣብ ሕድሕዱ ዝተኣሳሰረ ማሕበራዊ ረቛሒታት ምህላዉ'ዩ። ምስ'ቲ ኩሉ ኤትኒካውን ባህላውን ብዙሕነት፡ ባህሪያዊ ረቛሒታትን ካልእ ህጹጽን፡ ኣብ ክሊ መግዛእቲ ዝፈጠሮ ጂኦፖለቲካ ኤርትራ ከም ውጽኢት ስርሒት ዲሞግራፍያዊ ምንቅስቓስን ማሕበራዊ ምትእስሳርን፡ ምስ ናይ ዞባ ማሕበራውን ፖለቲካውን ክውንነት መዳረግቲ ዘይብሉ ምጽንባርን፡ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነትን ሃኒጹ'ዩ።

ኣብ መድረኽ ርእሰ ውሳኔ፡ ኣብ ክሊ ሰልፊ ናጽነት ኤርትራን፡ ካልኦት ጭርሖ ሃገራዊ ናጽነት ዘልዓላ ሃገራዊ ሓይልታትን፡ ናይ ሓባራዊ ፖለቲካዊ መንነት ስምዒታት ክሕይል ኮነ። ከምኡ'ውን ስምዒታት ሃገራዊነት ብገድላዊ ዕዮ ምንቅስቓስ ሓርነት ኤርትራ ከዓዝዝን፡ ብሰውራዊ ዕዮን ካልእ ገድላዊ መልከዓትን ተጋድሎ ሓርነት ኤርትራ ብግብሪ ከስርጽን ኮነ።

ምስ'ዚ ኩሉ ሃገራዊ ተሞኩሮታት ግን፡ ኤርትራ መንገዲ መንነትን፡ ሰረት ሃገራዊ ሓድነትን ብዝናግዐ ሕቶታት ዛጊት ትሳቀ ኣላ። እዚ ውሽጣውን ግዳማውን ረቛሒታት

ዝምግብዎ'ዩ። ኣብ ቅድሚ ሓባራዊ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝተደቀነ ከቢድ ብድሆ'ዩ። ኽረ ሓሓደ ሻብ ክሳብ ንመስርሕ ሕብረተ ሰብኣዊ ህንጻትን ህላወ ስምርቲ ሃገረ ኤርትራን ብቖጥታ ዝህድድ'ውን'ዩ። እዞም ካብ መስመር ሓባራዊ ተጋድሎ ዘውጽኡ ሃደደቲ ረቛሒታት'ዚኣቶም፡ ከም ጣኢፋዊ (Sectarian)፣ ኢትኒካዊ፣ ቀቢላውን ኣህጉራውን ግጭታት ዝኣመሰሉ'ዮም። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ ናይ ታሪኻዊ ኲናት ሕድሕድ ጽልዋታት፣ መረረታት ይውሰኾ'ዩ። መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር ንዲሞክራስን ፍትሕን (ህገድፍ) ኣብ ሃይማኖትን ብሄርን መሰረት ብምግባር ዝተኸተሎ ኣግላልነት፡ ፖሊሲታት ዓፈናን ጭቆናን፡ እቲ ኣዝዩ ንሃገራዊ ሓድነት ብቖጥታ ዝህድድ ዝኸረረ ረቛሒ'ዩ። እዚ ህልው መንግስቲ'ዚ ኣብ ምምሕዳር ባህላዊ፣ ኢትኒካዊ፣ ሃይማኖታውን ማሕበራውን ብዙሕነት ፈሺሉ'ዩ። ከምኡ'ውን ተቓውሞ ሓይልታት፡ ነዚ ገዛኢ ስርዓት ዝኸፈቶ ሃጓፍ ከዓብሳኦ ኣይከኣላን።

ሕቶ መንነት ምምላሽን ሽግራት ሃገራዊ ሓድነት ምፍታሕን'ምበኣር፡ ኣብ ከሊ ኣካቢ ሃገራውነት፣ መሰረታዊ ሰቪላዊ መሰላት ዘውሕስ ቅዋምን ግዝኣተ ሕግን፣ ጥዑይ ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን፡ ሓባራዊ ባይታ ሃገራዊ ዕዩ ምጥጣሕ የድሊ። መንግስቲ ካኣ ሓርነታት ምውሓስን፡ ኣብ ዜግነት ዝተመስረተ ማዕረ ዕድላት ንኩሉ ምኽፋትን ይህልዎ። ከምኡ'ውን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ሰቪላዊ ውድባት ሕብረተ ሰብን፡ ሕብረተ ሰብኣዊ ሓድነትን ማሕበራዊ ሰላምን ምውሓስ፣ ብዙሕነትን ስኒትን ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ምኽባርን፡ ሓቀኛ ንቕሓት ሃገራዊ ሓባራዊ መንነት ምብራኽን እንከይሰልከዩ ብቖጻልነት ከዓዩ ይግባእ። ኣብ ተገራጫዊ ጎናዊ ግጭታት መንነት ብዘይምውዳቅ፡ ኤርትራዊ መንነት ብዙሕ ጎንታት ከም ዘሎዎ ምፍላጥ።

## 2/ ሃገራዊ እንትማእ (National affiliation)ን ርድየት ዞባታትን፥

ኤርትራዊ ሃገራውነት፡ ኣብ ታሪኻዊ ጉዕዞታት፣ ገድላዊ ተሞኩሮታት፣ ባህላዊ፣ ፖለቲካውን ኣተሓሳስባን ዝማዕበለን፡ ኣብ መወዳእታ ድማ መላእ መሬት ኤርትራ ሓራ ጌሩ ናጽነት ሃገር ብምእዋጅ ዝዓዘዘን'ዩ። ነዚ ኣካል ውርሻ ሃገራዊ ተጋድሎ ዝኾነ ሃገራዊ ሞቆሚያታት ምኽባር። ነዚ ሓባራዊ ረቛሒ'ዚ ምዕቃብን ሰረቱ ምሕያልን፡

ጽኑዕ ሃገራዊ መንነት ኤርትራ ኣብ ምህናጽ ኣዝዩ ሓጋዚ'ዩ። መንቀሊ ዕላማ፡ ላዕላዋይ ሃገራዊ ረብሓ ኤርትራ ምርግጋጽ ክሳብ ዝኾነ፣ ዜግነት ኣብ ኣፈላላይ ዘርኢ፣ ወይ ባህልን እምነትን ዘይተመስረተ ቅኑዕ መዐቀኒ መሰላትን ጉቡኣትን ክሳብ ዝኾነ'ውን፡ ብርጋጽ ሓይሊ ሃገረ ኤርትራ ኣብ ጽኑዕ ሰረት ከም ዝትከል ዘጠራጥር ኣይኮነን።

ላዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓ ንምርግጋጽ'ምበር፡ ድሕንነት ሕብረት ሰብ፣ ኣብ ምዕሩይ መሰረት ዘትከለ ዜግነትን፡ ግድነታዊ ሰላማዊ ሓቢርካ ምንባር ክውንነት ህዝቢ ኤርትራን ዝቅበል ቅኑዕ ሓቐፊ ራእዩ የድሊ። ሽዑኡ'ዩ ኣብ ትሕቲ ጽላል ዘበናዊት በርጌሳዊት ዲሞክራስያዊት ሃገር፡ ኩሉ ዓይነት ብዙሕነት ህዝቢ ብማዕረ ዝሓቝፍ ስርዓትን፡ ስሙር፣ ጽኑዕ፣ ሓራን ልዑላውን ሃገር ዝዕቀብ።

ብሓባር ጸኒዑ ናይ ዝነብር ህዝቢ ኤርትራ ማሕበራዊ ምትእስሳር ንምዕቃብ፡ ናይ ዘርኢን ባህሊን ፍልልያት ብዘየገድስ፡ ብዙሕነት ብጉቡእ ምምሕዳርን፡ ንኩሉ ምዕሩይ ዕድላት ምርግጋጽን። ንዕኡ'ውን ኣብ ትሕቲ መስርሕ ቅኑዕ ዲሞክራሲ ናይ ሕድሕድ ባህልታትን ማሕበራዊ መወከሲታትን ዘኽብር ሕጊ ምንጻር የድሊ።

ኣብ ትሕቲ ስርዓት ህግደፍ ዝለዓሉ ዘሎዉ በበይኖም መልከዓት ዘሎዎም ማሕበራዊ ጠለባትን ዝምግቡዎ ዝተፈላለዩ ረቛሒታትን፡ ብቐንዱ ናይ ህልው ስርዓት ፖሊሲ በደላት፣ ጸቕጥን ኣግላልነትን ዝወለዶም'ዮም። ስለዝኾነ ካኣ ንጎኒ ዕሽሽ ክበሃሉ ኣይግባእን። እቲ ፍታሕ'ምበኣር፡ ናይ መስርሕ ዲሞክራስያዊ ለውጢ መሰረት እናኣንጸፍና፡ ኣብ ክሊ ሕጊ ምፍዋሱ ይካኣል'ዩ። ንሱ ድማ ኣብ መጻኢት ዲሞክራስያዊት ሃገረ ኤርትራ፡ ኣብ መስርሕ ውሳኔን ስልጣንን ሱታፌ መላእ ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ፣ ሓፈሻዊ ሓርነታት፣ ስቪላዊ መሰላት፣ ዘይምእኩል ምሕደራ፣ ኣብ መንጎ ማእከላይ መንግስትን ዞባታትን፡ ንኡስ ዞባታትን ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣን፡ ቅዋም ብዘየሻሙ ኣገላልጻ ከውሕሶም ይግባእ። ኣብ ውጥናት ልምዓት ክንድ ዝተኻእለ መጠን፡ ዜጋ ብክልተ እግሩ ጠጠው ዘብሎ ናውቲ ማእቶት ዘማዕብልን፡ ኣብ ምሕዱግ ከባቢታት ንዝርከብ ህዝቢ ጥዑይ ናብራ ዘጠጣሕን፡ ፖሊሲታት ኣወንታዊ ሓለፋ ኣብ ግምት ዝወስድን መደባት ምቕማጥ። ከምኡ'ውን ነቲ ምዝባዓትን፡ ብሽም ብሄራትን ሃይማኖትን ዝተላዓሉ ሕቶታትን፡ ብሰብኣዊ ራእዩ፣ መንፈስ ምዕሩይነት፣ ርህራህ፣ ገስጋሲ ንቕሓት

ሓባራዊ መጻኢ ዕድል ስሙር ህዝቢን ሓንቲ ሃገርን፡ ኣብ ሃገራዊ ክሊ ግድን ምፍዋስ ይግባእ። እዚ ካኣ'ዩ፡ ላዕለዋይ ሃገራዊ ረብሓ ልዕሊ ኩሉ ብምስራዕ፡ ፍትሒ፣ ዲሞክራስን ካልኦት ሓባራዊ ተረዶኦታትን ምስራጽን፡ ስሙር ሓያል ሃገር ምህናጽን ዝሕግዝ።

## 3/ ሃይማኖታትን ሓርነት እምነትን ምኽባር፥

ሃይማኖት ኣብ ሂወት ህዝቢ ኤርትራን ማሕበራዊ ምዕባለኡን ስልጣኔኡን መሰረታዊ ግደ ከምዘሎዎ ዘጠራጥር ኣይኮነን። ሃይማኖት መሰረታውን ቀንድን መከወኒ መሰረት ስልጣኔን ታሪኽን ምርግጋእን ህዝቢ ኤርትራ'ዩ። ንሱ'ዩ ክብሪታቱ፣ ጠባያቱ፣ ምንጪ ያታቱን ስነ ምግባሩን ዝመርሖ። ሃይማኖት ኣካል ረቛሒታት ኤርትራዊ መለለዩን ሃገራዊ መንነትን'ዩ። ኣብ ኤርትራውያን ሃይማኖታዊ ምእዙዝነት ምእንቲ ጸቢብ ረብሓ ናይ ኣምስሉነትን ረአዩለይን ዘይኮነስ፡ እንከይተበረዘ ቅንዕናኡ ሓልዩ ዝቐጸለ'ዩ።
ኣብ ጉዕዞ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ መንጎ ሃይማኖታዊ ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ፡ ሓደ ወገን ነቲ ካልእ ወገን ብምኽባር፡ መንፈስ ሰላማዊ ሓባረ መንብሮን ሕድሕድ ምክብባርን ዝዓዘዘ'ዩ። መራሒ ሃይማኖት ዝኸተሎ እምነቱ ብዘየገድስ፡ ብኩሎም ወገናት ምእመናን ዝተከብረ'ዩ። ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ኣብ ናይ ነዊሕ ዘበናት ታሪኹ ብጸረ ሃይማኖት ዝፍለጥ መርገጺ ወሲዱ ኣይፈልጥን። የግዳስ ስርዓት ህግደፍ፡ ኣብ መንጎ መእመናን ሃይማኖታዊ ምንቋት ኣረሳሲኑዎ'ዩ። ሃይማኖት ማሕበራውን ሰብኣውን ምትእስሳር ኣብ ምሕያልን፡ ሰናይ ስነ ምግባር ኣብ ምስራጽን ክጻወቶ ዝጸነሐ ረዚን ግደ ብምድኻም፡ ኣብ መንጎ ኣስላምን ክርስቲያንን ጥራይ ዘይኮነስ፡ ኣብ መንጎ ኣስላም፣ ኣብ መንጎ ሽነኻት ክርስቲያን (Christian denomination)፣ ሓድሕድ ፍልልያት እናባለሐ ዘይተኣደነ ሽርሒታት ከካይድ ጸንሑን ኣሎን። እዚ ናይ ህልው ስርዓት ህግደፍ ፖሊሲ ዓፈናን መርሓ ኣግላልነትን፡ ተርኢዮ ሃይማኖታዊ ምትሕቑቋን ክኸሰት ይድርኽ እንተሃሎወ'ኳ፡ ህዝቢ ኤርትራ ሳላ ገስጋሲ ንቕሓቱን፣ ሃማኖታዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን መሪሕነታቱን ናብ ደርጃ ሽበራን ሃይማኖታዊ ጎንጺን እንከይበጽሕ ዛጊት ዓጊቶምዎ ኣሎዉ። ህዝብን ልቃውንትን ኤርትራ ንቕሓቶም፡ ካብ ሽበራን ሃይማኖታዊ ኩናትን ምክያድ ሓሊዩምዎ እንተሃለዉ፡ ሃይማኖት ግን ንገዛእ ርእሱ ብሓፈሻ ብናይ መንግስቲ ሽበራ ይጥቃዕ ኣሎ።

ካብ'ዚ መንግስታዊ መልከዓት መጥቃዕቲ ዝደሓነ እምነት ዋላ ሓደ'ኳ የሎን። እዚ ሽበራ'ዚ ብቐንዱ ጸረ ሃይማኖታዊ መራሕቲ ዘቕነዐ'ዩ። ዝያዳ ርብዒ ዘበን ዝወሰደ ኣሰገዳድ ምስዋር መሻይኽን ዑለማእን (ሊቃውንቲ)፣ ብዝነኣሰ'ኳ፡ እቲ ብዘይፍርዲ ዝተሓየሩሉ ቦታ ዘይፍለጥን፡ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ኣብያተ ክርስቲያን በበይኑ መልከዓት ተጽዕኖታት ብምግባር መንፈሳውን ምምሕዳራውን መሪሕታተን በስገዳድ ምቕያር፣ ኣብ ውሽጣዊ ጉዳያተን ቅሉዕ ኢድ ኣእታውነት ምፍጻም፣ ከምኡ'ውን ከም ጴንጠን ጆሆቫን ካልኦትን ድማ መሰል ሓርነት ኣምልኾ ከዓግትን ጸኒሑ'ሎ። እዚ ካኣ ንኩሎም መእመናን ዘጠቓልል'ዩ።

ሽሕ'ኳ ሃይማኖት ብስሩ ኣብ መንጎ ወዲ ሰብን ፈጣሪኡን ቐጥታዊ ዝምድና እንተኾነ፡ ሓርነት እምነትን ኣምልኾትን የመንጩ'ዩ። እዚ ድማ፡ ኣብ ርእሲ'ቲ ውልቀ ሓርነት፡ ከም መካነ ኣምልኾት ምህናጽን፣ ብዘይኢድ ኣእታውነት መንግስቲ (ሕጊ ብዝፈቕዶ እንተኾይኑ'ምበር)፡ ናይ መእመናን ውሽጣዊ ዝምድናታት ምስራዕን ዝኣመሰለ ሓፈሻዊ መሰላት ይፈጥር'ዩ። ሃገር ናይ ኩሎም መእመናን ከም ምዃና መጠን፡ መንግስቲ ንኩሉ ሃይማኖታት ብማዕረ ክርእዮም ይግባእ። ከምኡ'ውን ኣብ ውሽጥታዊ ሃይማኖታዊ ትካላት ከም ኣውቃፍ፣ ንብረት ኣብያተ ክርስቲያን፣ ሃይማኖታዊ ኣስተምህሮን፣ ምውዳብ መካነ ኣምልኾትን፡ ኢዱ ከእትው ኣይግባእን።

## 4/ ባህላዊ እንትማእ (Cultural affiliation)፥

ኣብ ኤርትራ ብመጠን ሃይማኖታዊ፣ ቋንቋዊ፣ ያታውን ልምድታትን ብዙሕነት፡ ኣብ መዋእል ክፍለ ዘበናት ዝሰረጸ ባህላዊ መንነት ኣዋህሊሉ'ዩ። ብዓቢኡ ኣካል ሃገራዊ ሞቆሚያታት ዝኾነ ኣብ ክልቴኣውነት ሃይማኖታትን ቋንቋታትን ብሓያል መልክዕ የንጸባርቕ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ'ዩ፡ እቶም ቀዳሞት ኣቦታትና፡ ነዚ ብዙሕነትን እንትማእን'ዚ፡ ካብ ሃገራዊ ቀጽሪ እንከየውጸእካ ኣብ ባህላዊ ኣካይዳኡ ምስ'ቲ ኩሉ መንፈሳዊ ወገናቱ፡ ኣገዳስነት ምሕቛፉን ምሕደራኡን ዝተረደኡዎ። ኣብዚ ካኣ ዜጋታት ካብ ጸጋታት ቋንቋታት፣ ስነ ጥበባውን ያታዊ ውርሻታትን ተጠቒሞም፡ ናይ ገዛእ ርእሶም ባህላዊ ጉዳያት ምስ ተውፊታቶም፣ ውርሻታቶም፣ ክብሪታቶም፣ መርገጺታቶም፣

ስነ ምግባራቶም፣ ማሕበራዊ ሕርያታቶም፣ ናይ ቀረባን ርሑቕን ረብሓታቶምን ብዝጠዓዓም ኣገባብ ንምውዳብ፡ ናይ ውልቃውን ሓባራውን ሓርነታት ጥጡሕ ዕድላት ምስፋሕ ይግባእ። ዜጋ ብባህሪኡ ባህሊ ብዘምንጩ ስምዕታት፣ ኣተሓሳስባታት፣ እምነታትን ተሞኩሮታትን ዝመለአ'ዩ። ባህሊ ኣካል ዕላማታት ልምዓት ሓይሊ ሰብ'ዩ። ከምኡ ስለዝኾነ'ዩ ካኣ፡ ሕቡራት ሃገራት ኣብ ታሕሳስ 2015 ኣብ ቐጻሊ ልምዓት ፕሮግራማ ዘስፈረቶ። ባህሊ ናይ ሓባራዊ ሃገራዊ መንነት መሰረታዊ ደጋፊ ሓይሊ'ዩ። ሃገራዊ ሓድነት ዝህድድ፡ ጥርፍነት፣ ሽበራ፣ ኩናታት፣ ሕድሕድ ምንጽጻግን ኣብ ባዕለኻ ምዕጻውን ዝፍልፍሉ ማሕበራዊ ድሕረታት ምምካት። ጥዑይ ሕብረተ ሰብ ንምህናጽ ካኣ፡ ኣድላይነት ሓድነት ኣብ ቀጽሪ ብዙሕነት ዝቅበል ቐጻሊ ደያቢ ባህላዊ ንቕሓት ምምዕባል ይግባኣና።

እምበ'ኣር፡ ኣወንታውን ምስ ነፍሱን ካልእን ተዓራቃይን ባህሊ፡ ብሙሉኡ ፍጹም ዘቤታዊ መበቊል፣ ወይ ኣብ ገዛእ ርእሱ ተኮርንዑ ዝዕጾ ምስ ካልእ ዘይዋሰብን ኣይኮነን። ባህሊ ኣብ ሰብኣዊ ክብሪታት፣ ልዑል ሓባራዊ መትከላት፣ ስርዓተ ሰነ ምግባርን ማሕበራዊ ተውፊታትን ዘትከለ'ዩ። ንሕና ኣብ ኤርትራ ባህላዊ፣ ኢትኒካዊን ማሕበራዊን ብዙሕነት ንምኽባር ንጽዊዕ። ምኽንያቱ ኤርትራዊ ባህልን መንነትን ዘህብትም ንሱ ምዃኑ ስለእንኣምን።

## 5/ ሽበራ ኣዕናዊ ሂወት'ዩ፥

ክኢላታት፡ ናይ ሽበራ ሌላ (Definition of terrorism) ዛጊት ብደቂቅ ኣቀራርባ ከነጽርዎ እኳ እንተዘይከኣሉ ኣብ ውጽኢታቱን፡ ኣብ ልዕሊ ወዲ ሰብን ንብረትን ዘስዕቦ ዕንወትን ግን ይሰማምዑ'ዮም። ሽበራ ኣብ  ታሪኽ ጥንታዊ'ዩ። ኣብ ዝተወሰነ ሕብረተ ሰብ፣ ወይ ሃይማኖት፣ ወይ'ውን ባህሊ ዝሕጸር ኣይኮነን። ከከም ፍልልያት ጊዜን ቦታን፡ ምኽንያታቱ ይፈላለ'ዩ። ሽበራ ናይ ካልኦት መሰላትን ሓርነታትን ዝጻባእ'ዩ። ንሕና ኩሉ ዓይነት ሽበራ ብትሪ ንኾንኖ። ጠንቂታት ውጽዓ፣ ብልሽዊና፣ ጸቕጢ፡ ድኽነት፣ ኣግላልነት፣ ውርደትን ፖለቲካዊ ዓፈናን ብምፍዋስ፡ ኩሉ መልከዓት ሽበራ (ሃይማኖታዊ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራውን ፖለቲካውን) ካብ ሱሩ ንምምሓው ክንቃለስ ይግባኣና። ህዝቢታት ዘልዕሉዎ ሕቶ

መሰላት፡ መሬቶምን ልዑላውነቶምን ንምምላስ፣ ውሳኔኦም ንምውናን፣ ጸጋታቶምን ፍሉይነታቶምን ንምዕቃብን ምክልኻልን ዘካይዱዎ ቃልሲታት ኣብ ቦታ ሽበራ ኪንሰርዖ ኣይግባእን። ምኽንያቱ እዞም መሰላት'ዚኣቶም ኣህጉራዊ ቻርተራት ዘውሕሱዎም ርትዓዊ መሰላት'ዮም።

# ራብዓይ ምዕራፍ
# ኣድላይነት፣ ሌላ፣ ራእዩን መወከሲን ሰልፊ ሃገር ዴሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ)፥

## 1/ ሰልፊ ሃገር ዲሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ)፥

እዚ ሰልፊና'ዚ ብሓፈሻ መቐጸልታ ተጋድሎታት ህዝቢ ኤርትራ፣ ናይ ኤርትራውያን ሙሁራት ዝተፈላለዩ ዝምባለታት ዉህሉል ፖለቲካዊ ንቕሓት ውጽኢትን፣ እኩብ ድምር ፖለቲካዊ መኽሰብ ህዝቢ ኤርትራን'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ኣበኩሩ ፖለቲካ ዘካየደ ከም ምዃኑ መጠን፡ ፖለቲከኛ ህዝቢ'ዩ። ናይ ኤርትራ ጂኦ-ፖለቲካዊ ኣቀማምጣ ፍሉይነት ብሓደ ሸነኽ፡ ህዝቢ ኤርትራ ዘሕለፎም ናይ ሰንሰለታዊ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ስርዓታት ተኸታታሊ ፖለቲካዊ ምዕባለታት ድማ በቲ ካልእ ሸነኽ፡ ከከም ማሕበራዊ ደረጃታቱ፡ ናይ ፖለቲካዊ ዓይነት ንቕሓቱን ምንቅስቓሳቱን ቀሪጾምዎ'ዮም። መድረኻት ሰውራን ዳውላን (state)፣ ከምኡ'ውን ብደረጃ ፕሮግራም ኮነ፣ ፖለቲካዊ መርገጺታት፣ ምጽንባር ኣተሓሳስባታትን ዝተፈላለዩ ተሞኩሮታትን፣ ወይ'ውን ብደረጃ ሰነ ሓሳብን ሰልፊታትን፡ እዚ ኩሉ ተደሚሩ ኣብ ህላወ ሰልፊና ናይ በዓሉ ኣበርክቶ ጌሩ'ዩ።

## 2/ ንምንታይ ሓዲሽ ሰልፊ ኣድለየ?፥

ፖለቲካዊ ሂወት ዳይናሚካዊ ስራሓት'ዩ'ምበር፡ ግኡዝ ነገር ኣይኮነን። ከከም ምቅይያራት ቦታን ጊዜን፡ እናሻዕ ዝቀያየርን ዝሕደስን፡ ዑደት ሂወት ክሳብ ዘሐድስ ዝፋረን'ዩ። ናይ ቀደም ራእዩን ታሪኻዊ ፖለቲካዊ ፕሮግራምን ከም ምርኩስ ወከሳ ከገልግሉ ይኾኑ'ምበር፡

ብከምቲ ዝነበርዎ ክቐጽሉ ኣይግባእን። ናይ ቀደም ፖለቲካ ብከምቲ ዝነበሮ ክቐጽል ምግባር፡ ፖለቲካዊ ሂወት ንሓደጋ ድስካለ ምቅላዕ ማለት'ዩ። ከምዝፍለጥ ህዝቢ ኤርትራ ብመሰረቱ ካብ'ዚ ጽንኩር መድረኽ'ዚ ብብቑዕ ኣመራርሓ መሰስ ኣቢላ እተውጽኦ ሓዲሽ መሪሕነት ይጽበ እንተሃሎወ'ኳ፡ ንኤርትራ መን ይመርሓ ብዘየገድስ፡ ህዝባ እምቢዛ ደላይ ሰላም፣ ሓርነትን ውሑስ ሂወትን'ዩ። ነፍስ ወከፍ ዘበን ናይ ገዛእ ርእሱ መሪሕነታት የመሚ'ዩ። ናይ ቀደም መሪሕነታት ክንዲ ዝከኣሎም ኣበርኪቶም'ዮም። ስሃዴኤ ኣብ ህልው ኩነታት ብናይ ቀደም ራእዩን ፖለቲካን ክነብር ኣይክእልን። ኣብ ሃገር ዝለዓሉ ዘሎዉ ሓደስቲ ሕቶታት ብሓፈሻ ክምልሽ፣ ኣብ ምስኣል መጻኢ ፖሊሲታት ክሳተፍ፣ በብእዋኑ ዝጭጭሑ ዘሎዉ ሓያሎይ ቅልውላዋት ክምክትን፡ ኣብ ዞባውን ኣህጉራውን ዓውድታት ኣወንታዊ ባእታ ክኸውንን ይግባእ። እዚ ኣተሓሳስባ'ዚ ኣብ ባይታ ብግብሪ ክተውርዶ እንተኳንካ፡ ሰፊሕ መሳርሒን ጭርሖ ምሕዳስን ይጠልብ። እዚ ካኣ፡ ምእንቲ ዲሞክራስያዊት ደውላ ኤርትራ ምህናጽ'ዩ። ነዚ ሓዲሽ ኣተሓሳስባ'ዚ ዘውሒስን፡ ምስ ካልኦት ክስርሕ ሓቀኛ ድልውነት ዘሎዎን ፖለቲካዊ ሰልፊ የድሊዮ ማለት'ዩ። ስለ'ዚ እዚ ሕቶ'ዚ፡ ኣብ ስልጣን ምሕኳር ጥራሕ ዘይኮነስ፡ ዲሞክራሲ ደረጃ ብደረጃ ኣብ ኩለንትናዊ ጽፍሕታት ሕብረተ ሰብ ናብ ስነ ምግባር ምልዋጥን፡ ዲሞክራስያዊ ተሞኩሮ ምብሳልን፡ ሕሉፍ ብዘይምዝንጋዕ ናብ መጻኢ ዝጥምት ርሑቅ በዓል ራእዩ መንእሰይ ይጠልብ። ሰልፊ ኣብ ውሽጣዊ መድረኻቱ፡ ንዴሞክራሲ ከም ሓደ ምቹእ ዓውደ ትግባረ ጌሩ'ዩ ዝወስዶ።

እቲ ኣብ ተቓውሞ ውድባት ኤርትራ ንሕና'ውን ኣካሉ ዝኾና እንዕዘቦ ዘሎና፡ ብራእዩን ድርሳንን (መልእኽት) ናብ ደረጃ ህንጸት ዳውላን መተካእታ ምቅራብን ዘይበጽሑ ክንሶም፡ ኣብ ምንቃፍ ስርዓት ጥራሕ ተሓጺሮም። መቐጸልታ ብረታዊ ቃልሲ ከም ምኺኖም መጠን፡ ምናልባት ናይ'ቲ ዝሓለፈ ሰውራዊ ኩነታት ጌና ዘጋርዶም ዘሎ ይመስል። እንተዳኣ እዚ ተረዶኦ'ዚ ብከምኡ ቐጽሉ፡ ህልው ስርዓት ኣብ ዘልግሰሉ ይኹን፣ ወይ ናብ ድሩት ኣሳታፍነት ዝዝምብለሉ ጊዜ፡ ሽው ንሽዕኡ ፖለቲካዊ ሂወት ኤርትራ ንሓደጋ ደውታ ክቓላዕ'ዩ ዝገብር። ስለ'ዚ'ምበኣር፡ ምስ ገዛእ ነፍሳ፣ ከባቢኣን ዓለምን እትሳነ ሃገር ንምህናጽ፣ ኩሉ ክውንነት ህዝቢ ኤርትራ ዝሓቝፍን ጥሙሓቱ ዝምልሽን

ሰልፋዊ ተሞኩሮታት ምዕዛዝ። ፖለቲካ ኤርትራ ካብ ጸቢብ ውድባዊ ጥቅምታትን ሕድሕድ ምንጽጻግን ኣውጺኡ፡ ናብ ረሒብ ዓውደ ተቦጉሶታትን ፕሮግራማዊ ውድድርን ዝመሪሕ መሪሕ ሰልፊን፡ ከከም ብቕዓታቶም ዝምረጹ ሃገራውያን መንእሰያት መሪሕነታትን ምህላው ይጥለብ ኣሎ። ምስ'ዚ ኩሉ ድማ ሰልፊና በቲ ዝተናወሐ ኤርትራዊ ተጋድሎን ጽንዓት ተቓውሞን ኣዝዩ ዝኮርዕን፡ ኣብ ገድላዊ ውርሻታት ህዝቢ ኤርትራ ዝምርኮስን'ዩ። ብተወሳኺ ድማ ሰብኣዊ መሰላት ምኽባር፣ ሕብረተ ሰብኣዊ ማኣስር ምዕቃብ፣ ሃገረ ግዝኣተ ሕጊ ምትካል፣ ሃገራዊ እንትማእን ቐጻልነት ልምዓትን ምዕዛዝን፡ ከም ዲሞክራስያዊ መርሓ ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን ዝኽተል'ዩ።
ኩሎም ዜጋታት ደለይቲ ለውጢ፡ ምስ'ቲ ኩሉ በበይኑ ደረጃታቶምን፡ ናይ እምነት፣ ዘርኣዊን፣ ባህላዊን ፍልልያት እንትማኣቶም፡ ብሓባር ምቅላስ ንጽዊዕ።

## 3/ ሌላ፥

ሰልፊ ሃገር ዴሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ)፡ ክብሪታት ፍትሒ፣ ሓርነትን ዲሞክራሲን ክብ ምባል፡  ልዑላነት ሃገርን ህዝብን እትዐቅብ ግዝኣተ ሕጊ ዝሰፈና ሃገረ ኤርትራ ምህናጽ፡ ብልጽግና፣ ውሕስነትን ሓድነትን ህዝቢ ኤርትራ ምርግጋጽ፣ ኣህጉራዊ ቻርተራት ምኽባርን፡ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰማማዓሉ ቅዋምን ካብኡ ዝምንጭዉ ኩሎም ሕጊታትን ምኽባርን ዝዓዩ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ሰልፊ'ዩ።

## 4/ መልእኽቲ ሰልፊ፥

ክብሪታት ፍትሒ፣ ማዕርነትን ዘረጋግጽ፣ ልዑላውነቱ ዓቂቡ በዓሉ መጻኢ ዕድሉ ባዕሉ ዝሰርሕ፣ ብንቑሕ ሰፊሕ ፖለቲካዊ ሱታፌ ዜጋታቱ ዴሞክራስያዊ ስርዓት ዝሃንጽን፡ ዜጋታቱ ዝኮርዑሉን፡ ከበረታ ዓለም ዝረከብን፡ በብቑዓት ዜጋታቱ ዝምራሕ ሃገር ምህናጽ'ዩ።

## 5/ ራእዩ ሰልፊ፥

ኩሎም ቐጻላታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዝውድብ፣ ነፍስ ወከፍ ኤርትራዊ መልክዑ

ዝርእየሉ፣ ሃገራዊ ሓደነት ዘዕዝዝ፣ ዘይምእኩል ፖለቲካዊ ስርዓተ ምሕደራ ዝሃንጽ፣ ናይ ዞባታት ድልየታት ዝምልሽ ኣጠቓላሊ ልምዓታዊ ራእዩ ዝውንንን፡ ማእከላይ መንግስቲ ዘጠናኽርን፡ ኣብ መላእ ኤርትራ ዝዝርጋሕ ብቑዓት ሃገራውያን ዝምራሕዎ መሪሕ ሰልፊ'ዩ።

## 6/ መወከሲ ሰልፊ፥

ሃይማኖታት፣ ክብሪታት፣ ሕጊን ስርዓትን እንዳ'ባን ህዝቢ ኤርትራ፡ ታሪኻዊ መኽሰባት ሃገራዊ ቃልሲ፣ ህዝቢ ኤርትራ ዝሰማማዓሉ ቅዋም፣ ቻርተራት ሰልፊን ቀንዲ ጥቅሲታቱን፣ ኣህጉራዊ ቻርተራትን፡ መወከሲታት ሰልፊ ሃገር ዴሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ)'ዮም።

# ሓሙሻይ ምዕራፍ
# መቆሚያታት፣ መትከላት፣ ዕላማታትን ኣገባባትን

## 1/ ሃገራዊ ሞቆሚያታት

ሰልፊ በዞም ኣብ ትሓቲ ዝተጠቕሱ ሃገራዊ ሞቆሚያታት ይኣምን፥-

ሀ/ ልዑላውነትን ናጽነትን ኤርትራን፡ ሓድነት ህዝባን ምዕቃብ።

ለ/ ሓርነት ሓይማኖታትን ኣምልኾትን ምኽባር።

ሐ/ ቋንቋታት ዓረበኛን ትግርኛን ዕላውያንን ሃገራውያን ቋንቋታት ኤርትራ'የን።

መ/ ካልኣት ቋንቋታት ሃገራውያን ቋንቋታት'የን።

ረ/ ኣብ ክሊ ክብረታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ማሕበራዊ ፍትሒ ምርግጋጽ።

## 2/ መትከላት፥-

ሰልፊ ብመሰረት'ዚኦም ዝስዕቡ መትከላት ይዓዩ፡

ሀ/ ኩሉ ሓፈሻውን ወልቃውን ሓርነታትን፡ ናይ ርኢቶኻ ናይ ምግላጽን ምውዳብን

መሰላት፣ ሓርነት ኣተሓሳስባን እምነትን ሃይማኖታዊ ኣምልኾን። ት ምክያድ፣ መሰል ምእካብ፣ መሰል ምጉዓዝ፣ መሰል ሱታፌ ኣብ ሓፈሻዊ ሂወት ምሕላውን ምዕዛዝን።

ለ/ ሰብኣዊ መሰላትን ክብረቱን ምኽባርን ምዕዛዙን።

ሐ/ ሃገረ ኤርትራ ብቅዋምን ሕግን እትግዛእ ስቪላዊት ሃገር ኮይና፡ ናይ ፈራዲ ቤት ፍርዲ ስልጣንን ናጽነቱን ተኸብር።

መ/ ዜግነት ሰረትን መዓቀኒን ኩሉ መሰላትን ጉብኣትን'ዩ። ንዋላ ሓደ'ኳ ብዘይምፍላይ ማዕርነት ኩሎም ኤርትራውያን ምእማን።

ረ/ ኣብ ኩሉ ጽላታትን ዝተፈላለዩ ሸነኻትን፡ ጠቕላላን ቐጻልን ምዕሩይ ልምዓት ምርግጋጽ።

ሰ/ ምዕሩይ ዕድላት ብምጥጣሕ ማሕበራዊ ፍትሒ ምርግጋጽ።

ሸ/ ቅዋም ምኽባርን ልዕልና ሕጊ ምርግጋጽ።

ቀ/ ግልጽነትን ንጽህናን ተሓታትነትን ምርግጋጽ።

በ/ ስልጣናት ሓጋጊ፣ ፈጻምን ፈራድን ምፍላይ።

ተ/ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን ምእማን።

ወ/ ዲሞክራሲ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምዕማቕ።

ዐ/ ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት፣ ኣብ ዘተን ምትሕግጋዝን ዘትከለ፡ ምስ ናይ ዞባና ሃገራትን ዞባን ኣህጉራዊ ማሕበረ ሰብን ሕድሕድ ምክብባር።

## 3/ ዕላማታት፥-

ሰልፊ ብኩሉ ዓቕምታቱ ነዞም ዝስዕቡ ዕላማታት ንምዕዋት ይዓዪ፥-

ሀ/ ምስ ኩሎም ደቂ ሃገር ብምትሕግጋዝ፡ ናጽነት ሃገር ምክልኻል፣ መኽሰባቱ ምልማዕን፣ ሓድነቱ ምዕቃብን።

ለ/ ብመሰረት መትከላት ፍትሕን ዲሞክራሲን ሕጊን ሃገራዊ ሓድነት ምሕያል። ምስኩሎም ሓይልታት ለውጢ ብምትሕብባር ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣውዲቕካ ዲሞክራስያዊ መተካእታ ንምምጻእ ምዕያይ።

ሐ/ ኣብ መንነ ስልጣናት ሓጋጊን ፈጻምን ፈራዲን ዘፈላሊ፣ ናጽነት ፍራዲ ዘኽብር፣ ሰላማዊ ምቅብባል ስልጣን ዘውሕስን፡ ብቅዋምን ሕጊን ዝመሓደር በርጌሳዊ ዲሞክራስያዊ ሃገር ምህናጽ።

መ/ ካብ ድልየት ህዝቢ ዝምንጩ ፖለቲካዊ ሂወት ሃገር ዝሰርዕ ምዕሩይ ቅዋም ኣብ ምድላውን ምጽዳቕን ምስታፍ።

ረ/ ኣብ መንነ ኩለ ሸነኻት ፍትሒ ምርግጋጽ። ኣብ ከሊ ስሙር ሃገር ዘይምእኩል ምሕደራን ቅዋማዊ ተማእዛዝነት ማእከልን ዞባታትን ምኽታል።

ሰ/ ሓርነት ኩሉ ሃይማኖታት ብዘይፍልልይ ምኽባር። ንሓድነት ኤርትራዊ ማሕበራዊ መላግቦ ዘካፍእ ዝቀጽዕ ግልጺ ዝኾነ ሕጊታት ምሕጋግ።

ሸ/ ብመሰረቱ ኣብ ሃገራዊ ዓቕሚታትን ሓዲሽ ተክኖሎጅን ዝምስረት ሓያልን ሕዊስዋስን ቁጠባ ኣብ ኩሉ ሜዳያት ምህናጽ። ኣብ መንነ ጽላታት ምዕሩይነት ምርግጋጽ። ሰፊሕ ሜዳያት ዕድላት ስራሕ ምኽፋት። ኣብ ሕድሕድ ተመላላእነት፣ ዞባዊ ምጽንባርን ዓለማዊ ፍቱሕነትን ምርጋግጽ።

ቀ/ ኣብ ዝተፈላለዩ ዞባታት፡ ኣብ ኩሉ ቁጠባዊ፣ ሰብኣዊ፣ ተክኖሎጂ፣ ሳይንሳዊ ምርምርን ባህሪያዊ ጸጋታትን፡ ጠቕላላ ልምዓትን ምዕሩይን ምርግጋጽ።

በ/ ድንቁርናን መሃይምነትን ምጥፋእ፣ ጽርየት ትምህርቲ ክብ ምባል፣ ስርዓተ ትምህርቲ (cariculum) ምምዕባል፣ ሳይንሳዊ ምርምር ምምዋል፣ ሃገር ኣብ ጎደና ፍልጠት ክትምርሽ ዘኽእላ ስርዓተ ትምህርቲ ዳግም ምምሕያሽ።

ተ/ ጥምረት ሰድራ ቤት ምዕቃብ። ደቂ ኣንስትዩ ኣብ በበይኑ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ፖለቲካውን ልምዓትን፡ ከምኡ'ውን ስድራ ቤትን ህጻን ምሕብሓብን ዘኽእለን ግደታት ንምብርካት፡ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ኩለ መዳያት ምስልጣን።

ወ/ ኣብ ሃገራዊ ሰረት ዘትከለ ሓያል ሰራዊትን ሓይልታት ውሽጣዊ ጸጥታን ምህናጽ። ሰራዊት ኣብ ፖለቲካ ኢዱ ብዘይምእታው ቅዋማዊ መሓውራትን በርጌሳዊ ሃገርን ዝከላኸል ምዃኑ ምርግጋጽ።

ዐ/ ብዛዕባ ውርሻታት ስልጣኔን ኤርትራዊ ህዝባዊ ተውፊታትን ብኩሉ መልከዓቱ ምሕብሓብ። ሃገራዊ እቶት ዘብርኽ መስሕብ ትሩስትነት ምግባሮም።

ደ/ ሰልፊ፡ ገስጋሰን ብልጽግናን ኤርትራ ምርግጋጽ፣ ብግልጺ ቅዋምን ሕግን ዲሞክራስያዊ ኣገባብን ምኽባር፣ ዜጋን እምነቱን ተውፊቱን ዝተፈላለዩ ባህሉን ምኽባር፡ ሓርነት ፕሬስ፣ ሕትመትን ዜና (ሚድያ)ን ይዓይን ይጽዊዕን።

ጀ/ መትከል ግልጽነት መሰረት ብምግባር፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት መንግስቲ ገንዘባውን ምምሕዳራውን ብዕልግና ምምካት። ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ናይ ሕብረተ ሰብ በርጌሳውን ህዝባውን ትካላት ግደ ምድንፋዕን ምድጋፍን።

ጸ/ ምርግጋእ፣ ሰላም፣ ምትሕብባር፣ ብልጽግና ምርግጋጽ። ኩሉ ኣህጉራዊ ሕጊታትን ስምምዓትን ምኽባር። ምስ ኩሎም ዞባውን ኣህጉራውን ሃገራት ብሓፈሻ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ድማ ብፍላይ፡ ድልዱል ዝምድና ምህናጽን ምምዕባልን።

ፈ/ ፍትሓዊ ሕቶታት ውጹዓት ህዝቢታት ምድጋፍን፡ ናይ ህዝቢታት መሰል ርእሰ ውሳኔ ምድጋፍ።

## 4/ ኣገባባት፥

ሰልፊ ዕላማታቱ ብርትዓዊ ሰላማዊ ኣገባብ ንምዕዋት ይምእዘዝ፥ ንሱ ድማ

ሀ/ ኣብ መንጎ ሰልፊታት ጥራሕ ዘይኮነስ፡ እንተላይ ምስ ስርዓት፡ ዝኾነ ጸገማትን ፍልልያትን ንምፍታሕ፡ መርሓ ሰላማዊ ዘተ ከም ስልጡን ኣገባብ ምውሳድ።

ለ/ ኣብ ምንቕቓሕ ሕብረተ ሰብ ንምስታፍን ካልእን፡ ራእይን መርገጺን ሰልፊ ብመንገዲ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ማዕከናት ዜና ማለት ከም ጋዜጣታት፣ ጽሑፋት፣ ረዲዮ፣ ቴሌቭዥን ጎስጓስ ምክያድ።

ሐ/ ንሃገርን ሕብረተ ሰብን ኤርትራ ኣብ ዘድልዩ ጉዳያት፡ ከም ኣወንታዊ ኣበርክቶ መጠን ፖለቲካዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን መጽናዕቲታትን ምኽሪታትን ምቅራብ።

መ/ መንእሰያት፣ ደቂኣንስትዮ፣ ሰራሕተኛታት፣ ሓረስቶት፣ ተማሃሮ፣ ካልኦት ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታትን፡ ኣብ ሰልፊ ምውዳብ፣ ዓቕሚታቶም ምምዕባልን፡ ኣብ ዝተፈላለዩ መዳያት ብተበላሕነት ንዝልለዩ ምሽላምን።

ረ/ ዜጋ ንጥፈታቱ ከከይድ፣ ፖለቲካዊ ንቕሓት ክኸስብን፡ መንፈስ ሃገራዊ መሕዝነት ክስርጾን፡ ሰልፊ ኣብ መላእ ኤርትራ ጨንፈራቱ ምዝርጋሕ።

ሰ/ ሰልፊ ኣብ ዓውደ ምርጫታት (ድሕሪ ለውጢ ማለት'ዩ) ኣድማዒ ተሳትፎ ምርግጋጽ። ፖለቲካዊ ኣሊያታት (መሳርሒታት) ብዘፍቅዶ መሰረት፡ ኣብ ሓገግቲ ባይቶታት ምዕያይ፡ እዚ ካኣ ኣብ ፈጻሚ ስልጣን ብምስታፍ ይኹን፣ ወይ ከም ተቓውሞ።

ሸ/ መንፈስ ዕዮን ማእቶትን ንምዕዛዝ፡ ዓቕሚታት ኣባላትን ብሓፈሻ መንእሰያትን ዘማዕብል ስልጠናን ኮርሳትን ምሃብ።

# ሻዱሻይ ምዕራፍ
# ለውጥን ፖለቲካዊ ምዕራይን

## 1/ ራእዩና ብዛዕባ ለውጥን ምዕራይን፥

ሰልፊ፡ ነዚ ህልው ጭቋኒ ገዛኢ ስርዓት'ዚ ሙሉእ ብሙሉ ምልዋጥ፣ ፖለቲካውን ቁጠባውን ምዕራይ ምርግጋጽን፡ ገስጋስ ልምዓት ሕብረተ ሰብን ሃገርን ምስላጥን፡ ከም ጥጡሕ ባይታ ለውጢ ዝምድምድ ጌሩ ይኣምን። ሓይልታት ለውጢ ኣብ ሓባራዊ ርኢቶ ምስምማዕ፣ ብድሕሪ ምልጋስ ህልው ስርዓት ዝስዕብ መሰጋገሪ መድረኽ ዝምልከት ንጹር ስእሊ ምህላው፣ መሰረት እምነ ኩርናዕ ቅዋማዊት ሃገር ምቕማጥ፣ ክብሪታት ዘተ ከም ስልጡን ኣገባብ ኣፈታትሓ ፍልልያት ምስራጽን፡ ብዴሞክራስያዊ መንገዲ ውሳኔ ህዝቢ ምቕባልን፡ ሰልፊ ከም ናብ ለውጢ ዝወስድ ቀዳማይ ስጉምቲ ጌሩ ይኣምን።

## 2/ መድረኽ ቃልሲ ህልው ስርዓት ንምልዋጥ፥

ነዚ ህልው ጨቋኒ ስርዓት ንምልዋጥን ኣምሳያኡ ዲሞክራስያዊ ስርዓት ንምትካልን ይቃለስ። ሓይልታት ለውጢ ብሓባር ብዘካይዱዎ ተጋድሎታት ከምዝረጋገጽን፡ ኣብ ውሽጢ ኤርትራን ኣብ ደገን ነቲ ቀንዲ ተጎዳኢ ዝኾነ ህዝቢ ዘሳትፍን ሓድሕዱ ዝመላላእ ህዝባዊ ናዕቢን፡ ምውዳቕ ስርዓት ህግደፍ ዘቀላጥፍ ምዃኑ፡ ሰልፊ ሃገር ዴሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ) ጽኑዕ እምነት ኣሎዎ። ስለዝኾነ ካኣ ሰልፊ ኣብ ኣርባዕተ ኣቕጣጫታት ይዓዪ፥

ደላይ ለውጢ ሰፊሕ ሓፋሽ ምውዳብን ምልዓዓልን። ዲክታቶርያዊ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ልዑላውነት ሃገርን ሓድነት ሕብረተ ሰብን ዘኸትሉ ዘሎ ሓደጋታት ዝርዳእ ንቑሓት ሓፋሽ ክብ ምባል።

ሀ/ ኣብ መንጎ ሓይልታት ለውጢ ኣረኣእያታት ምቅርራብ፣ ብመንገዲ ፖለቲካዊ ምሕዝነታት ዓቕምታቶም ምጥርናፍን፡ ኣከብቲ ጽላላት ንምቋም ምቅላስ።

ለ/ ናይ ውሽጢ ሃገርን ዲያስፖራን ቃልሲታት ምውህሃድን፡ ኣብ መንጎ ክልቴኦም ዝህልው ክፍተት (ጋግ) ብምዕቡል ዘበናዊ ኣገባባት ንምጽባብ ምጽዓት።

ሐ/ ውድቀ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንምቅልጣፍ፡ ህዝቢ ኤርትራ ንመስርሕ ለውጢን ምምራሕ ህዝባዊ ናዕቢን ድልው ክምዝኸውን ምግባር።

## 3/ መሰጋገሪ መድረኽ፥

መሰጋገር መድረኽ ኣብ መጻኢ ዕድል ናይ ዝኾነት ሃገር ወሳኒ መድረኽ'ዩ። ምኽንያቱ ጽባሕ ዘይቅቡል ስርዓት ዝመጺእ ብምዃኑ'ዩ። ኣብ ከም በዓል ኤርትራ ብድሕሪ ዲክታቶርያው ስርዓት ዝኽሰት ከም ምዃኑ መጠን፡ ደረጃ ሓደጋኡ ኣዝዩ ከዓቢ ይኽውን። ሃገር፡ ኣብ'ዚ መድረኽ'ዚ እንተስ ናይ ኩሉ ዜጋታት ተገራጫዊ ጥቅምታት፣ ሕቶታትን ግርጭታትን ብሰላማዊ ኣገባብ ዘስተናግድ ሓቛፊ ፖለቲካዊ ፍቱሕነት ብምኽታል ናብ መንገዲ ዴሞክራሲ ክትጓዓዝ፣ ወይ ኣብ ፖለቲካዊ መድረኽ ነፍሶም ዘቅረቡ ሕቶታት ብሰላማዊ ኣገባብ ኣብ ምእላይ ብምፍሻል ኣብ ሓደጋ ሕንፍሽፍሽን ምብትታንን ተረግሪጋ፡ ካብ'ቲ ኣብ ትሕቲ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ዘሕለፈቶ ኩነታት ዝኸፈአ ክትወድቕን፣ ዝውሰን መድረኽ'ዩ። ኣብ ገለ ጎረባብቲና ሃገራት ዝተረኣየ ክስተት መምሃሪና ክኸውን ይኽእል'ዩ።

ኣብ ዲሞክራስያዊ ስግግር፡ ስርዓት ኢሳያስ ዝሓደጎም ሱር ዝሰደዱ ሽግራት፡ ብፍላይ መሰላትን ጉቡኣትን ዝሰርዕ ሕጊ ምብኳር ዘስዓቦ ማሕበራዊ፣ ቁጠባውን ምሕደራውን ምዝንባዓትን ተቀላጢፍካ ምልላይ የድሊ። ምልጋስ ዲክታቶርያዊ ስርዓት ንገዛእ ርእሱ በይኑ ንኩሉ ሽግራት ዝፈትሕን ሰላም ዘሰፍንን ኣይኮነን'ዩ። ናይ ጉጉይ ፖሊሲኡ መዘዝ ጌና ህልው ከም ምዃኑ መጠን፡ ካብ ስሩ ንምምሓው ጸገማት ከጋጥሙ ይኽእሉ'ዮም።

ኣውራ ድማ ናይ'ቶም ሓዲሽ ስርዓት ዝተኸሉ ሓይልታት ብኩራት ዝፈጥሮ ባዶነት ምሕደራ። ሓይልታት ለውጢ ኣዝዩ ጥንቁቅ ኣካይዳ እንተዳኣ ዘይተኸትሎም፡ እዚ ረቛሒ'ዚ ስልጣን መንግስቲ ዘዳኽምን፡ ሕንፍሽፍሽ ዝፍልፍልን፡ ከም ውጻኢቱ ድማ ምቑእ ጸረ ሰውራ ሃዋሁ ክፈጥር ይኽእል'ዩ። ከምኡ'ውን ኤርትራ ጽግዕተኛ ክትከውን ዝዓለመ ኢድ ኣእታውነት ግዳማዊ ዞባውን ኣህጉራውን ጥጡሕ ባብ ዘርሕው ክኸውን ይኽእል'ዩ። እዚ፡ ኤርትራ ሙሉእ ብሙሉእ ንምብትታን እንተዘተቓለዐትን፡ ወይ ልዑላውነታን ሓድነታን እኳ እንተዘይከሰረት፡ ክወርድ ዝኽእል ሓደጋ ንምጥቃስ'ዩ።

ስለ'ዚ ዝተረጋገአት ሃገር ንምህናጽ፡ መሰጋገሪ መድረኽ ብሰላማዊ ኣገባብ ንምዕዋት ምስ ኩሉ ሓይልታት ለውጢ በዚ ዝስዕቡ ኣገባባት ብሓባር ምስራሕ ይግባእ።

ሀ/ ኩሉ ሃገራዊ ሓይልታት ዝውክል ንዋላ ሓደ ዘየግልል፡ ፖለቲካዊ፣ ስቪላዊ፣ ሕብረተ ሰብኣዊ ሓይልታት ዝሓቑፍ መሰጋገሪ ፓርላማ ምቛም። ዕማማቱ ድማ ጸጥታ ምኽባር፣ ልዑላውነት ምዕቃብን፣ ሂወት ዜጋታት ምምሕዳርን ይኸውን።

ለ/ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ዕማም እትስከም ካብ ትክኖክራትያውያንን ክኢላታትን መሰጋገሪ መንግስቲ ምቛም።

ሐ/ ንምርግጋእ ሃገር፡ ኣብ መንን ገበናትን መቕጻዕትን ሚዛኑ ዝሓለወ መሰጋገሪ ፍትሒ ዝጠልቦ ኣብ ግምት ዝወሰደ ሕብረተ ሰብኣዊ ዕርቂ ቀዳምነት ምሃብ።

መ/ ሓርነታት ዝጥሕሱ ኩሉ ሕጊታት ምስራዝ፣ ናይ ፖለቲካን ሕልናን እሱራት ምፍታሕን፡ ናይ ሰብኣዊ መሰላት ግህሰታት ፋይላት ምጽራይን።

ረ/ ኮምሽን ምምላስ ስደተኛታት ምቛም። ወለንታዊ ምምላስ ብዝተወደበን ሰብኣዊ ዓይኒን ምትብባዕ። ካብ ስደት ተመለስቲ ኣብ ሕብረተ ሰብ ዝጽንበሩሉ ንጹር መደብ ምጥያሽ ምቕማጥ። ተመለስቲ ጥዑይ ሂወት ክህልዎም ምጽዓር። ከምኡ'ውን ኣብ'ዚ መዳይ'ዚ ኣህጉራው ውድባት፡ ከም ናይ ሕቡራት ሃገራት ኮምሽን ጉዳያት ስደተኛታትን ውድብ ኣህጉራዊ እሚግሬሽንን ዘቤታዊ ማሕበራትን ክሳተፉ ምጽዓር።

ሰ/ ዜጋታት ናይ መንግስቲ ትካላት፣ ንብረት፣ ጸጥታ ዜጋታትን ንብረቶምን ንምዕቃብ ምጉስጓስ።

ሸ/ ተዓዋትነት መሰጋገሪ መድረኽ ንምውሓስ፣ ንዝኾነ ተርእዮ ኩናት ሕድሕድ ንምግታእ፣ ወተሃደራዊ ክንፍታት ውድባት ብምፍራስን፡ ሓላፍነቱ ኣብ ዝወስዱ ጸጥታውን ወተሃደራውን ሓይልታት ምሕዋስን። ዝኾነ ወገን ካብ ሕጊ ወጻኢ፡ ናይ ሕነ ምፍዳይ ስጉምቲታት እንከይውሰድ ምዕጋት። ብርግጽ እዚ መድረኽ'ዚ ብዝኾነ ይኹን ምኽንያት ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራ ዝትክእ ኣይኮነን።

ቀ/ ዝተመንዘዐ መሬት ሓፈሻውን ውልቃውን መሰላት ብዘይጉድአ ብሕጋዊ ኣገባብ ናብ ዋናታቶም ምምላስ።

በ/ ተደላይነት ሽርክነታዊ ኣተሓሳሳብ ምእማን። ግልጺ ዝኾነ ሃገራዊ ዘተታት ብምዝውታር ሕድሕድ ዘይምትእምማን ምልጋስ።

ተ/ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ሓላፍነት ዝሸከምን ሕጋጋት መሰጋገሪ መድረኽ ዘጸድቕን ሃገራዊ ባይቶ ንምቛም፡ ፖለቲካውን በርጌሳውን ሓይልታት ብዘይ ኣግላልነትን ጸቕጥን ዝሳተፉሉ ጠቕላላ ሃገራዊ ጉባኤ ምግባእ ምጽዋዕ።

ወ/ ናይ መሰጋገሪ መድረኽ ዕድመ፣ ሓፈሻዊ መርጻ ዝግበረሉን፡ ዝተመረጸ መንግስቲ ዝትከለሉን ውሱን መቓን ጊዜ ምውሳን።

# ሻብዓይ ምዕራፍ
# ሰረት ህንጸተ ዳውላ (State) ኤርትራ

## 1/ ህንጸት ዳውላ ግዝኣተ ሕጊ፥

ኤርትራ ኣብ ትሕቲ ስርዓት ኢሳያስ ኣፈወርቂ ከም ፍጹም ፖሊሳዊት ዳውላ'ያ እትግለጽ። ሎሚ ናይ ዜጋታትን ኣብኣ ዝቕመጡን ቅዋማዊ መሰላት ብግብሪ ናብ እተውሒስን፡ ምዕቡላት ሓደሽቲ ሕጋጋት እትጸድቕን ዳውላ ግዝኣተ ሕጊ ክትልወጥ ኣዝዩ ግድነታዊ ተደላይነት ኣሎዎ። ከምኡ'ውን ካብ ባህሪያዊ፣ ነገራውን ሓይሊ ሰብን ጸጋታት

ብምጥቃም ኣብ ጠቓላላ ልምዓት ዝሰኹማ ትካላት ምህናጽ። ናይ ህዝቢ ሃብቲን ጸጋታቱን ንምዕቃብ፡ ብልሽውና ብሕጋዊ ኣገባብ ምምካት። ገንዘባዊ ፖሊስን ገንዘባዊ ኖትን ብግልጽነት ምውሳንን መሳርሒታት ቁጽጽር ምንጻርን። ኣብ ቅዋማዊ ሃገራት ናይ ለውጢ ሕጋዊ መሳርሒታት ንምርግጋጽ፣ ኣህጉራዊ ቻርተራት ምውሓስ፣ ስውራታትን ዓመጻትን ዝወልዱ ቅርሕንትን በደልን ካብ ዝውሕደሉ ቀንዲ ምኽንያታት፡ እቶም መራሕቲ ሃገራት ከም'ቶም ካልኣት ዜጋታት ብሕጊ ስለዝቅየዱን ዝሕተቱን'ዩ።

## 2/ ኤርትራዊ ቅዋም ምጽዳቕ፥

ኤርትራ ክሳብ ሕጂ ቅዋም ኣልቦ ዳውላ እንተኾነት'ኳ፡ ቅዋም ብቐንዱ ናይ ህዝቢ ድልየት ዘንጸባርቕን፡ ኣብ መንጎ ክውንነቱ ሰነድ ማሕበራዊ ቃል ኪዳንን'ዩ። ሓዳስ ዲሞክራስያዊት ሃገር ምህናጽን ጥዑይ ምሕደራ ምትካልን ዝሕጉዙ ቀንዲ ዓንዲታት ከማልእ ስለዘሎዎ፡ ብሕጋዊ መዐቀኒታት ክዳሎ ይግባእ። ዝለዓለ ሕጊን መወከሲ ኩሉ ሕጊታትን ከም ምዃኑ መጠን፡ ገዛእን ልዑልን ክኸውን እውን ኣሎዎ። ሃገር ኣብ ኩሉ ትካላታ ብእኡ ክትግዛእ ኣሎዋ። መንግስቲ መዓስን ኣብ ምንታይ ጉዳያትን ኢዱ ከም ዝእትውን፡ ዘይትንከፉ ጉዳያትን ምንጻር። ስልጣን ካብ ውልቀ መራሒ ዝፈሊ ስለዝኾነ፡ ዝስዕቡ ከጠቓልል ኣሎዎ፥

ሀ/ ቅዋም ዝለዓለ ገዛኢ ሕጊን ሰነድን፡ ህዝቢ ምንጪ ኩሉ ስልጣናት ጌሩ ዝወስድን ከም ምዃኑ መጠን፡ ናይ ዳውላ ግዝኣተ ሕጊ ስርዓት መሰረታዊ ኣዕኑድ ምንጻር።

ለ/ ከከም ኣቓቑማን ክእለታትን ኣብ መንጎ'ቶም ስልጣናት ዝህልው ዝምድናታትን፡ ናይ ዳውላ ሓፈሻዊ ስልጣናት ምውዳብ።

ሐ/ ስልጣናት ሓጋጊ፣ ፈጻምን ፈራድን ምፍላይ። ናጽነት ፍርዲ ምርግጋጽ።

መ/ ኣብ ኤርትራ ሉዑላውነት መርሓ ዲሞክራሲ ምርግጋጽ።

ረ/ ምስ ናይ ኤርትራ ኩውንነት፣ ታሪኽ፣ ክብሪታት ህዝባን ከባብኣን፡ ዝሳነ መንነት ኤርትራ ምንጻር።

ሰ/ ኩሉ ሓፈሻውን ውልቃውን ሓርነታት ምውሓስ። ኣብ ውሽጢ ሕብረተ ሰብ ኣብ መንጎ ስልጣንን ሓላፍነትን ምዕሩይነት ምርግጋጽ። ኣብ ኢዱ ስልጣንን ጽልዋን ዝጨበጠ መንግስቲ፡ ናይ ዜጋታት ሓርነትን መሰላትን እንከይጥሕሶም ይከላኸል።
ሸ/ ኩሎም ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ይውክልን መሰላቶም ይሕልውን። ዜጊነት መሰረት መሰላትን ጉብኣትን'ዩ። ኣብ ዘርኢ፣ ወይ ኣብ ሃብቲ፣ ወይ ኣብ እምነት፣ ወይ ኣብ ማሕበራዊ ቦታ፣ ወይ'ውን ኣብ ጾታ ዘትከለ ኣፈላላይ ምውጋድ። ናይ ዜጋታት ፍልልያት ብዘየገድስ ኩሎም ተጠቀምቲ ምዕሩይ ዕድላት ይኾኑ።
ቀ/ ዝኾነ ናይ መንግስቲ ሰራሕተኛ ደረጃ ሓለፍነቱ ብዘየገድስ ኣገልጋሊ ህዝቢ ከም ምዃኑ መጠን፡ ብሕጊ ተሓታትነት ክቅየድ ምእንቲ፡ ስርዓተ ግልጽነት፣ ተሓታትነን ንጽህናን ምዝርጋሕ።
በ/ ናይ ማእከላይ መንግስትን ዞባታትን ስልጣናት ዘነጽር ዘይምእኩል ስርዓተ ምሕደራ ምትካል።
ተ/ ቅዋም ዝሕልውን ቅዋምነት ሕግታት ዝከታተልን ካብ ላዕለዋይ ቤት ፍርዲ ዝተፈለየ፡ ናጻ ቅዋማዊ ቤት ፍርዲ ምቛም።

## 3/ ፖለቲካዊ ኣሰራርሓ፥

ኤርትራ ካብ ድሑር ባዕዳዊ መግዛእቲ ሓራ ዝወጸትን፡ ብድሕሪኡ ጨፍጫፊ ፖሊሳዊ ስርዓት ዝተተኸለላን ሃገር ከም ምዃና መጠን፡ ፖለቲካዊ ሕዳሴ፣ ናይ መንግስትን ተቓውሞን ፖለቲካዊ ትካላት ምዕራይ፣ ሃገራዊ ሓድነት ምሕያልን ኣብ መንጎ ህዝባ ሕድሕድ ምትእምማን ምህናጽን ግድን የድሊ። ዝተማለአን ምዕሩይን ልምዓት ንምርግጋጽ፣ ምርግጋእ ንምስፋን፣ ጎስጋስ ምዕባለ ሃገርን ሕብረተ ሰብን ንምስጓም፡ ፖለቲካ ምዕራይን ዲሞክራስያዊ ሕርያ ምዕዛዝን ከም ጥጡሕ መንገዲ'ዩ ዝቁጸር። ናይ ምዕራይ ራእዩ ጥዑይ ምሕደራ ንምስፋንን፡ ስሙርን ንቑሕን ሕብረተ ሰብ ንምህናጽን፡ ከም'ቲ ሕቡራት ሃገራት ዝነጸሮቶ ምስ ዕላማታት ዘበናዊ ልምዓታዊ ፖሊሲታት ኪቃዶ ይግባእ። እዚ ካኣ ብከምዚ ዝስዕብ፥

ሀ/ ኣብ ግልጽነትን ተሓሳሳብነትን ዘትከለ ዴሞክራሲ፡ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ከም መርሓን ሰነ-ምግባርን ምሕያል።

ለ/ ብመሰረት ግዝኣተ ቅዋም፡ ልዕልና ሕጊ ዝነግሳ ሃገር ምህናጽ። ናይ ዲክታቶርነት ኣሰራት ፍርሕን ኣብ ነፍስኻ ምኩርናዕን ምምሓው። ሓርነት ኤርትራዊ ዜጋ ምርግጋጽን ሞራሉ ከብ ምባልን።

ሐ/ ዕዮ ሰልፊታት ዝውድብ ሕጊ ሰልፊታት መሰረት ብምግባር፡ ፖለቲካዊ ብዙሕነትን፡ ናይ ስልጣን ሰላማዊ ምቅብባልን መትከል ምቅባል። ፍልልያትን ምቅይያርን ብምእማን፣ ኣብ ልዕሊ ዝኾነ ወገን መጻብቦታትን ምንጻልን ብዘይግምባር፣ መሰሉን ሱታፌኡን ብምቅባል፡ እዉጅ ሰላማዊ ቃልሲ ምክያድ ምፍቃድ።

መ/ ዝኾነ ዜጋ፡ ሃገር ካብ'ቲ መዋእል ዲክታቶርነትን ኣበሳታት ጸቕጥን፣ ንሓደጋታት ምብትታንን ምንቁልቋልን ዝተሳጠሐ ሕብረተ ሰብ፡ ካብ'ቲ ዝተቃላዓሉ ኩሉ ዓይነት ሕማማት ተፈዊሱ ናብ ጥዑይ መንገዲ ይምርሽ ምህላዋ ክርዳእ ምእንቲ፡ ናይ ሰልፊታት መሪሕነታትን ሓለፍቲ መንግስትን፡ ፍትሒ፣ ማዕርነት፣ ብቕዓትን ንጽህናን ክህልዎም ይግባእ።

ረ/ ናይ ሰራሕተኛታትን ሰብ ሞያን ካልኦት ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታትን ውዳቤታት ምፍቃድ። ልምዓታዊ ተሻረክቲ ስቪላዊ ማሕበራት፡ ናይ መንግስትን ሰልፍታትን ኣካይዳ ዝዕዘቡን ኣብ ልዕሊኦም ተጽዒኖ ዝፈጥሩ ከም ምኳኖም መጠን፡ ንምሕያሎምን ምድጋፎምን ምዕያይ።

ሰ/ ብሕጊ መሰረት ኣብ ጊዜኡ ስሩዕን ንጹህን ሓፈሻዊ ሃገራዊ መረጻታት ምክያድ። ሓፈሻዊ ሃገራዊ መረጻታት፡ ካብ ቤት ፍርዲ፣ ዝምልከቶም ፖለቲካ ሓይልታት፣ ዘቤታውን ኣህጉራውን ስቪል ውድባት ከም ዝዕዘቡዎ ምግባር።

ሸ/ ፖለቲካውን ሕጋውን ንቕሓት ህዝቢ ኤርትራ ምብራኽ። ዜጋታት ብውልቀ ኮነ፡ ብእኩብ፡ ኣብ ፖለቲካዊ መስርሕ ምስታፍ ምትብባዕ። መትከላት ዲሞክራሲ ምስራጽን፡ ፖለቲካዊ ኩውንነት ኤርትራ ምርዳእን ምጽዓት።

ቀ/ ሃገራዊ ፖለቲካዊ ድርሳን (መልእኽቲ) ልዕሊ ሃይማኖታዊ፣ ወይ ብሄራዊ፣ ወይ'ውን ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለኣዊ ከፋፋሊ ጭርሖታት ከብ ብምባል፡ ኣብ ሃገራዊ ሽርክነት

ዘትከለ ሓድነት ኣብ ክሊ ብዙሕነት ዝቅበል ይኸውን።
በ/ ናይ ጎረባብቲ ሃገራትን ኣህጉራዊን ጥቅምታት ምርዳእ። ኣብ ናይ ካልኦት ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታው።

## 4/ ስርዓተ ምሕደራ፥

ሓፈሻዊ ኣገልግሎታት ንህዝቢ ኣብ ምቅራብ፡ ስቪል ሰርቭስ መሰረታዊ ጉዳይ'ዩ። እቲ ዘገድስ፡ ርድየት ሓፋሽ ህዝቢ ንምርግጋጽ ብፍትሓውነትን ኣድማዕነትን ምቅራብ'ዩ። ማሓውራት ስቪል ሰርቭስ ንኩሉ ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ዝሓቑፍ ሃገር ሓቘፍ ክኸውን ይግባእ'ውን። ኣገልግሎት ብዝለዓለ ብቕዓትን ግልጽነትን ንምቅራብ፡ ጠለባት ህዝቢ ብቅልጡፍን ኣዕጋብን ዝምልሽ ስቪል ሰርቪስ ምህላው። ኣብ ስቪል ስርቭስ ዝቆጸር ሰብ ኣብ ክእለትን ብቕዓትን ዝተመስረተ ክኸውን ይግባእ። ሰራሕተኛ መንግስቲ ናይ ህዝቢ ማሕበራዊ ክብሪታት፣ ልምድታቱን ያታታቱን ዘኽብር ኣገልጋሊ ህዝቢ ክኸውን ኣሎዎ። ስለ'ዚ'ምበኣር፡ ሰልፊ በዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ምምእዛዝ ኣድላይነት ይርኢ፥

ሀ/ ኣብ ስቪል ሰርቪስ ሜዳያት ንምዕያይ ብዝተኻእለ መጠን፡ ኣዕጋቢ ፍትሓዊ ኣገልግሎት ዘረጋግጹ መዐየሪታት መሰረት ብምግባር፡ ናይ ስቪል ሰርቭስ ሰራሕተኛታት ስልጠናን ምልመላን ቐጻልነት ዘውሕስ ዝበለጸ ብቑዕ ሓይሊ ሰብ ምምዳብ።
ለ/ ናይ ስቪል ሰርቭስ ሰራሕተኛታት ፍልጠትን ዓቕምታትን እናሻዕ ንምዕባይ ምጽዓር። ናይ ቀዳምነታት ዕማማት ቀደም ሰዓብ ብምስራዕ፡ ናብ ወጻኢ ብምልኣኽ ክእለታት ሓይሊ ሰብ ምምዕባል። ነዚ መደብ'ዚ ዘገልግል ውጥናት ምሕንጻጽን፡ እቲ መደብ ዘነጻጽረሎም ክፍልታት ምንጻርን፡ ውጽኢታቱ ምግምጋምን።
ሐ/ ተኸታታልነት መደባት ስቪል ሰርቭስ ንምርግጋጽ፡ ሞዴልን መሃዝትን ንዝኾኑ ሰራሕተኛታት ስቪል ሰርቭስ እናሻዕ ምሽላምን ምሽያምን።
መ/ ብመሰረት ቅዋም ዘውሕሶ ዘይምእኩል ስርዓተ ምሕደራ፣ ምምልላእ ሰብኣውን ነገራውን ጸጋታት ዝሕልውን፡ ሃገራዊ ሓድነት ዘረጋግጽን፡ ኤርትራ ናብ ዞባታት ትመቓቐል። ህዝቢ ኤርትራ ኣየናይ ኣገባብ ምምቕቓል ዞባታት ከም ዝሒሾ ባዕሉ ክሳብ

ዝውስን፡ እቲ ናይ ቀደም መልከዕ ምክፍፋል ዝሓሸ ይኸውን።

ረ/ ናይ ዝተፈላለዩ መሓውራት ኣካይዳ ብዝተቓደወ ኣገባብ ንምስራሕ፡ ናይ ኩሉ ደረጃታት ምምሕዳራት ስልጣንን ዕማምን ብቅዋም ምንጽር። ኩለን ደረጃታት ድማ፡ ምስናይ ውሑስ ናጻ ውሳኔአን፡ ኣኣብ ዓውደታተን ናይ ሓጋጊን ምሕደራዊ ፈጻምን ስልጣናትን፡ ባጀትን ይህልወን።

ሰ/ ኣገዳስነት ዘይምእኩል ምሕደራውን ገንዘባውን ምርግጋጽ። ኣብ ምዕሩይ ሽርክነትን፡ ፍትሓዊ ምምቕራሕ ስልጣንን ሃብትን ዝሰረተ ጥዑይ ምሕደራ ምኽታል።

## 5/ ስቭላዊ ውድባትን ዘቤታዊ (ኮማዊ) ምሕደራን፥

ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ከም ድሑር ሕብረተ ሰብ መጠን፡ ኣብ መንጎኡ ናይ ስድራ ቤታዊ፣ ቀቢላውን እንዳውን ምትእስሳራት ጌና ዓቢ ግደ ይጻወቱ ኣሎዉ። እዚ ካኣ፡ ኣብ ስነ-ምግባራት ወልቀ ሰባት ይኹን፣ ጉጅለታት፣ ብርግጽ ጭቡጥ ጽልዋታት ኣሎዎ። ኣብ ግጭታት ምእላይ፣ ሓረግ ስነ-ተዋልዶ ምዕቃብ፣ ሰናይ ምትሕብባርን ኣበርክቶታት ኔርዎምን ኣሎዎምን። እዚ ማለት ግን፡ ምስረታ ስቭላዊ ውድባት ብዘበናዊ ኣተሓሳስባን ወለንታውንትን ዝውደቡ ዘይመንግስታዊ ማሕበራት፡ ከም ንቃባዊ ማሕበራት (ሞያዊ)፣ ባህላዊ፣ ስነ ሓሳባዊ፣ እምነታዊ፣ ማሕበራዊ ክበባት፣ ስፖርታዊ፣ ኣካዳሚካዊ ትካላት፣ ማእከላት ምርምር፣ ዓውደ ዜናታትን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ኣየድልዩን ማለት ኣይኮነን።

መንግስቲ ህዝባዊ ግንባር ንዴምክራስን ፍትሕን (ህግደፍ) ናይ'ተን ዘተለምዶኣዊ ሕብረተ ሰብኣዊ በርጌሳዊ ማሕበራት (ሓፋሽ ዉድባት)፡ ኣብ እዋን ብረታዊ ተጋድሎ ሓፋሽ ምውዳብ፣ ምንቓሕን ህዝባዊ ደገፍ ምርካብን ዝበርከታኦ ዕዙዝ ተሳትፎ ብምኽሓድ፡ ብግብሪ ግደኣን ሰሪዝዎ'ዩ። የግዳስ፡ ብዓለም ደረጃ ናይ ስቭላውን ዘቤታውን ውድባት ግደታት ምብራኽ ዘተባብዓሉ ዘሎ ወቅቲ፡ ምስ'ዚ ራእዪ'ዚ ብምቅዳውን፡ ንግደ ሕብረተ ሰብኣዊ ውድባት (ስቭል ውድባት) ፍልጦ ምሃብ ኣገዳሲ'ዩ። ኣብ ሃገር ተሻረኽትን፡ ንመንግስትን ፖለቲካዊ ሓይልታትን ተቆጻጸርትን ምኺኖም ምእማን። ዘቤታውን ኣህጉራውን ተቀባልነት ስለዝህልዎም፡ ሰብኣዊ መሰላት ኣብ ምዕቃብ፣ ዴሞክራስያዊ

መርሓ ኣብ ምስራጽ፣ ብርክት ዘበሉ ፈልሰ ርእሰማል (እንቨስትመንት) ኣብ ምስሓብን ወሰንቲ ፕሮጀክታት ኣብ ምድጋፍን ሓጋዚ ግደ ከምዝህልዎም ምእማን። ሰልፊ፡ ናይ ሕብረተ ሰብኣዊ በርጌሳዊ ውድባት ፕሮግራም ብዝስዕብ መምርሒ ከቃን ይርኢ፥

ሀ/ ናይ ስቪል ማሕበራትን፡ መንግስትን ዘካይዱዎ ጻዕሪታት ምውህሃድ። ናይ ሕብረተ ሰብ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ጥዕናውን ልምዓታውን ሽግራት ንምፍዋስ፡ ኣብ ሕብረተ ሰብ ኤርትራ ዝተለምደ ክብሪታት ወፈራ ምትሕግጋዝ ዳግም ምሕዳስ።

ለ/ እዘን ትካላት'ዚኣተን ኣብ ልምዓት መሰረታዊ ተሻረክቲ ሓይልታት ከም ምኻኖም መጠን፡ ናብራ ዜጋታት ምምሕያሽ፣ ንሰብኣዊ መሰላት ምጥባቕ፣ ዘይቐጥታዊ ተቖጻጸርቲ ኣካይዳታት መንግስቲ ብምኻኖምን፡ ዕዮታተን ብሕጊ ምንጻር።

ሐ/ ናይ'ዚኣተን ማሕበራት ዕላማ ንጹር ክኸውን ግልጽነትን ዴሞክራስያዊ ሰረትን ክህልዎ ይግባእ - ምናዳ ምናዳ ኣብ ምወላ። ህያው ግደታተን ብስነ ፍልጠታዊ ኣገባብ ከዐውታኦ ምእንቲ፡ ኣባላተን እናሻዕ ክሰልጥናን ከማዕብላን ይግባእ።

መ/ ናይ ሕብረተ ሰብ፡ ቁጠባዊ፣ ማሕበራውን ባህላውን ዕላማታት ከረጋግጻ ምእንቲ፡ ወልቀ ሰብን ሕብረተ ሰብን ኣብ ምህናጽ ሃገር ንምስታፍ፡ ናይ ሓፋሽ ህዝቢ ንቕሓት ንምብራኽ ጎስጓሳት ምክያድ።

ረ/ እዘን ውድባት፡ ሰናይን ሰብኣውን ዕዮታት ንምምዕባልን፡ ብመንግስቲ፣ ወይ ብሰልፍታት፣ ወይ'ውን ብወልቀ ሰባት እንከይዕብለሉ ንምሕላዎም ኣድማዒ ግደ ይህልወን።

ሰ/ ዘቤታዊ (ኮማዊ) ምምሕዳራት ኣብ ምዕዛዝ ዘቤታዊ ሰላም (ህዝባዊ ሰላም)፣ ኣብ ኣተኣላልያ ግጭትን ኣብ ምዕቃብ ኣወንታዊ ያታትን ኣድማዒ ግደ ክህልወን ምእንቲ፡ ኣሰራርሓኣን ምምዕባል።

ሸ/ ሕብረተ ሰብ ኣብ ሰረት በርጌሳውነት (ስቪላውነት )ን፡ ማሕበራዊ ፍትሕን ንምንጻፍ፡ ስቪላዊ ውድባት ምድጋፍ።

ቀ/ ኣብ ኤርትራ ኩነታት ሰብኣዊ መሰላት ምቁጽጻር ዝዕላማኣንን፡ ምስ መዘናታተን ኣህጉራዊ ውድባት ሰብኣዊ መሰላት ብምትሕብባር፡ ንሓፈሻዊ ሓርነታትን መሰላት

እሱራት ፖለቲካ፣ ሕልናን ራእይን ዝጣበቓን፡ ናጻ ኤርትራዊ ውድባት ሰብኣዊ መሰላት ምምስራት።

በ/ ናጻ ውሳኔ ዝህልወን ንቃባዊን (ሞያዊ)፣ ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታትን ውድባት (ማሕበራት) ምምስራት ምትብባዕ።

ተ/ ህጻናትን መንእሰያትን ካብ ምዝመዛ፣ ኣስከርቲ ኣርኮላትን፡ ኣደንዘዝቲ ዕጸዋትን ዝከላኸላን፡ ሓደጋታት ምትካኽ ሽጋራ ዘምህራን ማሕበራት ምቋም።

ወ/ ንሽማቶ ሕብረተ ሰብ ዝከላኸላን፡ ኣዕናኺ ኣካባብን (እንቫይርመንት)፡ ንባህሪ ካብ ምድረ ባድነትን ብከላን ዘከላኸላን፡ ሓፈሻዊ ጠቐምቲ ውድባት ምቋም ምትብባዕ።

## 6/ ሓፈሻዊ ሓርነታትን ዜናን፥

ሓርነት ሓደ ካብ'ቶም ኣገደስቲ ኣዕኑድ ሕብረተ ሰብን ርትዓዊ መሰላቱን'ዩ። ዘበናዊ ሕብረተ ሰብ ኣብ ምህናጽን ምምዕባሉን መሰረታዊ ውሕስነት'ውን'ዩ። የግዳስ፡ ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ብዘበናት ዝሓለሞን ምእንታኡ ሓያሎይ መስዋእቲ ዝኸፈለሉን ሓርነት ኣየስተማቀረን። ስርዓት ህግደፍ ብድሕሪ ናጽነት ኤርትራ ብቐጥታ፡ ንሓፈሻዊ ሓርነታት ብሓይሊ ገፊፉ፡ ኣምሳያኡ ፖለቲካዊ፣ ማሕበራዊ፣ ቁጠባዊ፣ ባህላዊ፣ ሃይማኖታውን ስነ ምግባራውን ዓፈና ኣስፊኑ'ዩ። ሕቶ ሓርነታት ምምላስን ኣብ መጻኢ ብቕዋም ምውሓሱን ህያው ሕቶ ህዝቢ ኤርትራ ኮይኑ'ሎ። ስለ'ዚ ሰልፊ ብዝስዕብ ኣገባብ ከም ዝረጋገጽ ይርኢ፥

ሀ/ ሓፈሻዊ ሓርነታት፣ ሕጋጋት ፖለቲካ ሰልፍታት፣ ጋዜጣን ሃገራዊ መረጻን ዘውሕሱ ሕግታት ምጽዳቕ።

ለ/ ሓርነት ምውዳብ፡ ምእካብ፣ ምንቅስቓስ፣ ምውናንን ምውሓስ። በብይን ቤት ፍርዲ እንተዘይኮነ'ምበር፡ ነዞም መሰላት'ዚኣቶም ዘይምቕያድ።

ሐ/ ግልጽነት ምውሓስን ኣብ ፖለቲካውን ምሕደራውን መዳያት ህዝባዊ ቁጽጽር ምርግጋጽን። በደላት፣ ዓፈና ራእይን፡ በይናዊ ውሳኔን ንምግታእን፡ መንግስቲ ንዜጋታቱ ኣድላይ ሓበሬታት ብምቕራብ ክምእዘዝ ይህልዎ።

መ/ ናጻን ኣድማዕን ዜናዊ ትካላትን፡ ባህላዊ መመደሪታትን፡ ምትካል። ተክነሎጂያዊ ምዕባለ ካብ በጽሕዎ ዘሎ ደረጃ ክንድ ዝተኻእለ ምጥቃም።
ረ/ ናይ ዜና ሓርነት፣ ናጽነትን ኣካይዳኡን ዝሰርዕ ሕጊታት ምሕጋግ።

## 7/ ባህልን ስነ ጥበብን፥

ማሕበራዊ ምውህሃድ፣ ስኒትን መሳጢ ባህልን ዘሎዎ ሕብረተ ሰብ ንምህናጽ፡ ነዞም ረቛሒታት'ዚኣቶም ኣብ ኩሉ ደረጃታት ምምዕባል ዝሕግዙ ውጥናት ምሕንጻጽ የድሊ። ህዝቢ ኤርትራ ክብሪታቱን ተውፊታቱን ዳግም ክሕውዮን፡ ገዛኢ ሰልፊ ህግደፍ ዝዓየኖ ባህሉ ከሓድስን ድልየት ኣሎዎ። ስለ'ዚ ሰሃዴኤ፥ ባህላውን ዜናውን መደባት በዞም ዝስዕቡ መምርሒታት ክቃነዩ ይርኢ፥

ሀ/ ናይ ስነ-ጥበብ ዕማማም፡ ኩለንትናዊ ጥዑይ ሃገራዊ ባህላዊ ክብሪታት ምዕሚቕን ምዕዛዝን፣ ጽባቐኡ ምዃላህ፣ ሓፈሻዊ ምርኢቱ ምምዕራግን ስነእምሮኣዊ ላዛኡ ምምሳጥን ከም ምኳኑ መጠን፡ ኣብ ሕብረተ ሰብ ዝሰረጹን መንነቱ ዘንጸባርቑን ክብሪታት ምዕቃብ። ባህላዊ ብረዛን ምንጻግ።
ለ/ ኣብ ክብሪታትን ዳግመ ሕውየት ሃገራዊ መንነትን ህዝቢ ኤርትራ ዘትከለ፡ ምህዞታትን ፍርያትን ዝሸልም ስነ-ጥበባዊ ራእዩ ምፍጣር። ባህላውን ስነ-ጥበባውን ምዕባለ ኣብ ኩሉ መዳያቱ ኣብ ሃገራዊ ራእዩ ዝተመርኮሰ ክኸውን ምግባር። ናይ መንግስቲ ግደ ብኩለ መሓውራቱን ሕጋጋቱን ነዚ ዕላማ'ዚ ምድጋፍን ምትብባዕን ይኸውን።
ሐ/ ኣብ መንጎ ህዝብን ሃገርን ኣብ ቅንዕና ዝተምስረተ ጥዑይ ስጥመት ምርግጋጽ። ሕውነት፣ ምትሕልላይን ሓድነትን ደቂ ሃገር ኣፍልጦ ምሃብ። ናይ ካልኦት ስምዒታት ካብ ዘየኽብር፣ ፍልልያት ዘጓሃህርን ሕንፍሽፍሽ ዘንግስን፡ ሕድሕድ ምክሳስ ምርሓቕ። ኣብ መንጎ ደቂ ሃገር ናይ ርእዩን ስነሓሳብን ፍልልያት ምህላው ከም ሰበብ ክሕደት ጌርካ ክውሰድ ኣይግባእን። እኳ ዳኣ፡ ሓርነት ሰነ-ሓሳብን እምነትን ከም እምነ መሰረት ዴሞክራሲ ክውሰድ ይግባእ።

መ/ ክብሪታት ሓብርካ ምንባርን ማሕበረ ሰላምን ምስራጽ። ኣብ ጉዳያት ስነ-ሓሳባዊ ፍልልያት፡ ባህሊ ዘተን ምይያጥን ምዝውታር'ዩ ዘድሊ'ምበር፡ ሰነ ሞጎት ሓይሊን ምትእትታው ጸጥታትን ተጠቒምካ ካልእ ሰነ- ሓሳብ ምዕፋን ኣይግባእን። ሓራ ዜና፡ ንህዝቢ ኤርትራ ዝእከብን ዘኹርዕን ጉዳያት ከሐይል ይግባእ'ምበር፡ ፍልልያት ክጽሕትርን ማእሰር ዓንዲታት ክበትኽን ኣይግባእን። ከምኡ'ውን ኣብ ትግባረ መሰረታዊ ሓርነታት፡ ምርግጋእ፣ ሰላምን ጸጥታን ረቛሒታት፡ ብፍትሓዊ ኣገባብ ምዕዛዝ ይግባእ።

ረ/ ተረዶኦ " ስኒታዊ ባህሊ" ዘረጋግጽ ሃዋሁ ምፍጣር ዝሕግዝ ምዕሩይን ሓባራውን ሕድሕድ ምትእምማን ምህናጽ። ሓድነት ኣብ ክሊ ብዙሕነት ዘትከለ ሃገራዊ ባህሊ ንምስራጽ ምዕያይ።

ሰ/ ስነ-ሓሳባውያን፣ ደራስያን፣ ጸሓፍቲ፣ ገጠምቲን ስነ-ጥበባውያንን ምትብባዕ። ምህዞታቶም ኣብ ጥቅሚ ጠቕላላ ልምዓት ሃገር ምውዓል። ስነ-ፍልጠታዊ፣ ስነ ጥበቦም፣ ግጥምታቶምን ፍሪያቶምን ምዝርጋሕ።

ሸ/ ካብ ባህልታት ዓለም ጠቀምቲ ሸነኻቱ ምውሳድ።

ቐ/ ኣብ ኩሉ ዞባታት ባህላውን ስነ ጥበባውን ማእከላት ምምስራት። ካብ ብዙሕነታዊ ባህሊ ብምጥቃም፡ ምዕቡላት ልሂቃን (elite) ምህናጽን፡ ኩለንትናዊ ዓቕምታቶም ምምዕባልን።

ቀ/ ብሙሁራትን ክኢላታትን ሰነ ታሪኽ፡ ሃገራዊ ታሪኽ ኤርትራ ኣብ ኩሉ መድረኻቱን ውህሉል ስልጣኔታቱን ብመሰረት ስነፍልጠታዊ መዐቀኒታት ከም ብሓዲሽ ምጽሓፍን፡ ጠርናፊ ሃገራውነት ኣብ ምምዕባል ክሕግዝ ምእንቲ፡ ኣብ ኣብያተ ትምህርቲ ምስትምሃሩን።

በ/ ቀርስታት ብሓፈሻ፡ ብሄራዊ፣ ሃገራውን ታሪኻውን ሃብቲ ከም ምኳኖም መጠን፡ ታሪኻዊ ቅርስታት ምዕቃብ። መጻኢ ወሎዶታት ናይ ሃገሮም ታሪኽ ስልጣኔ ኪፈልጡን ኣካል ቅርስታት ዓለም ንምኳን ኣብ ዩኒስኮ ከመዝግቡዎም ጻዕሪታት ከካይዱን፡ ቅርስታት ኤርትራ ኣብ ስርዓተ ትምህርቲ ምጥማሩ።

# ሻሙናይ ምዕራፍ
# ልምዓታዊ፣ ቁጠባውን ማሕበራውን ፖሊሲታት ምዕራይ

## 1/ ምርኩስ ምዕሩይ ልምዓት፥

ልምዓት ብሰፊሕ ተረዶኦ ናይ ኩሉ ደቂ ሰባት ርትዓዊ መሰል'ዩ። ናይ ኩሉ ዜጋታት ሃገራዊ ሞሳ እውን'ዩ። ጉዳይ ልምዓት ድማ ዞባውን ኣህጉራውን ኣቃልቦ ወሲዱ'ዩ። ከምኡውን ናይ ሕቡራት ሃገራት ናይ 2030 መበል ሰለስተ ሽሓዊ ሽቶ እዩ። ኤርትራ ውልዶ ሃገር ከም ምኗና መጠን፡ ኣብ መንጎ ጥሙሕን ጭቡጥ ዓቕምታትን ዘሎ ክፍተት (ሃጓፍ) ኣብ ጸብጻብ ዘእትው ምዕሩይ ልምዓት ዘረጋግጽ፡ ሚዛናዊ ውጥናትን ጻዕርታትን የድልያ። ከምኡ'ውን ፖሊሲ ልምዓት ኩሉ ዞባታትን ምሕዱግ ከባቢታትን ዝሸፍን ክኸውን ይግባእ። ንኩሉ ክፍልታት ህዝቢ ኤርትራ ምዕሩይነት ንምርግጋጽ፡ ዝስዕብ መምርሒታት ኣብ ግምት ምእታው፥

ሀ/ ኩሉ ጽላታት ሃገር፡ ሓፈሻዊ ልምዓት ኣብ ምርግጋጽ ወዲ ሰብ መሰረታዊ ባእታ ስለዝኾነ፡ ዓቕሚታት ሓይሊ ሰብ ብቕጻሊ ምምዕባል። ዕላማታት ልምዓት፡ ስራሕ፣ ማእቶትን ፍልጠትን፡ ብዝቀለለ ኣገባብ ምስላጥ ዘቀላጥፉ ቅርጻታት ምትእትታው።

ለ/ ህዝቢ ጥጡሕን ጥዑይን ናብራ ክህልዎን፡ መሰላት መጻኢ ወሎዶታት ክዕቅብን፡ ባህሪያዊ ጸጋታት ክንድ ዝተኻእለ መጠን ኣብ ረብሓ ልምዓት ምውዓል። ብፍትሓዊ ኣገባብ ምምቕራሕ። ብሰንኪ ኲናት፣ ድርቂን ምህማሽን ንዝተጎድኡ ከባቢታት ኣወንታዊ ሓለፋታት ምሃብ።

ሐ/ ንኩሉ ሕብረተ ሰብ ብሓፈሻ፡ ንድኹማት ክፍልታት ድማ ብፍላይ፡ መንግስቲ ፍትሒ ኣብ ምርግጋጽ ኣድማዒ ግደ ይህልዎ። ሃገር ካብ ድኽነት ንምውጻእ፣ ፍልጠት ምምዕባል። ኣድላይ ልምዓት ምርግጋጽ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ምርግጋእ ምስፋን። ሊቃውንትን መሃዝትን ደቂ ሃገር ምትብባዕ።

መ/ ኣብ ጎዳና በብዓይነቱ ልምዓት ብጽንዓት ዝምርሹ ዘሎዉ ምዕቡላት ህዝብታት ሃገራትን ንምርካብ፡ ስሉጥ ልምዓት ዘረጋግጽ ተክኖሎጂ ከም ዘበናዊ ምዕቡል መሳርሒ ኣብ ኩሉ መዳያት ብሰፊሑ ምጥቃም።

## 2/ ቁጠባዊ ኩውንነትን ብኩራት ራእይን፥

ኤርትራ ንነዊሕ ዓመታት ኣብ ትሕቲ ባዕዳዊ መግዛእታዊ ስርዓታት ዝጸነሐት'ያ። እቶም መግዛእታውያን ስርዓታት ኣብ ድልዱል ትሕቲ ቅርጺ ዝተሞርኮሰ ኣብ ሕድሕዱ ዝተኣሳሰረ ቁጠባ ኣይሃነጹን። እኳ ዳኣ ብቁጠባ ከም እትዳሃቕን እትዓንውን'ዮም ጌሮምዋ። ቁጠባ ዝሰርዕ ሕግታትን መሓውራትን ኣብ ዘይነበረሉ ኩነታት፡ ሃገራዊ ስርዓተ ቁጠባ ምህናጽ ኣጸጋሚ'ዩ ኔሩ። እንተኾነ ግን ብድሕሪ ናጽነት ስርዓት "ህግደፍ" ንጹር ቁጠባዊ ራእዩ ኣይነበሮን። ቁጠባዊ ቅርጺ ኣብ ምንጻፍ እውን ፈሺሉ'ዩ። ኣንጻር ጎረባብቲ ሃገራት፣ ማእቶታት ኣብ ዝዓግትን ዕድላት እንቨስትመንት ኣብ ዘንቁልቁልን ኩናታትን ግጭታትን ኮነ ኢሉ'ዩ ተጸምዱ ጸኒሑ። ከምኡ'ውን ንንግድን እንቨስትመንትን ተዋጊእዎ'ዩ። እቲ ዘሎ ምስ'ቲ ኩሉ ድኹትነቱን ዋሕዱን ብማሓውራት ህግደፍን ሕደት ኮራኩሩን ዝተገበተ'ዩ። ስለዝኾነ ድማ፡ ቁጠባ ኤርትራ ኣዝዩ ዝዓነወን፡ ካብ'ቲ ኣብ እዋን ባዕዳዊ መንግዛእቲ ዝነበሮ ደረጃ ብዝኸፈአ ኩነታት ንድሕሪት ዝተጎተተን ኮይኑ ይርከብ ኣሎ።

## 3/ መሰረታዊ ቁጠባዊ ትሕተ ቅርጺ ምህናጽ፥

ሃገረ ኤርትራ ዕድመኣ ካብ ናጽነት ዳርጋ ሳላሳ ዓመታት ዘይሰገረት ውልዶ ሃገር'ያ። መብዛሕትኡ ህዝባ ኣብ ዘልማዳዊ ሕርሻን ሞጓሰን፡ እቲ ዉሑድ ድማ ኣብ ዕብየት ቁጠባ ኣድማዒ ግደ ዘይብሉ ውሱን ንግዳዊ ፈተነታትን ዝነብር'ዩ። ግን ድማ፡ ኣብ ከርሳ ብዙሕ ዕድላት ዝሓቖፈት'ያ። ጥዑይ ፖለቲካዊ ስርዓትን ንጹር ዝተማለአ ቁጠባዊ ርእዩን እንተሃልዩም፡ ኣብ መጻኢ ቁጠባ ኤርትራ ዓበይቲ ኣበርክቶታት ዝህልዎም ባህሪያዊ ጸጋታት ኣለዋ።

ብግዝያዊ ዕንቅፋታት ዘይሰናኸል ስሉጥን ቐጻልን ቁጠባዊ ጽላት ዝጽዕራ ሃገራት፡ እናሻዕ ቁጠባዊ ፖሊስታት የከልስን የሐድስን'የ። በበይኖም ጽላታት፡ ኣውራ ድማ ሕርሻዊ ጽላት ንቀለብ ህዝቢ መሰረታዊ ተደላይነታት ከም ዘሎዎ መጠን፡ ርእሰ ኣኽእሎ ዘማዕብል፡ ቁጠባዊ ዕዮን እንቨስትመንትን ዝምርኮሰሉ መሰረታዊ ዓንዲ'ዩ። እዚ ፖሊሲ'ዚ ቁጠባዊ ልምዓት ዝስረተሎም ናይ ዝተፈላለዩ ጸጋታት በብመዳዩ ምጽናዕቲታት ምቅራብን፡ ሓደስቲ ኣገባባት ምትእትታውን። ምምሕያሽ ማያዊ ወደባት፣ መሰል እንቨስተር ዝሕልው ምዕሩይ ሕግታት ምሕጋግ። ናጻ ቁጠባዊ ዞባታት ምህናጽን ትሕተ ቅርጺ ዳግም ምዕራይን የድልዩ'ዮም። እዞም ኣገባባት'ዚኣቶም፡ ኣብ ዳግመ ሕውየት ቁጠባን ንግድን ቐጻልነቶም ምውሓስ ብርግጽ ናይ ገዛእ ርእሶም ኣወንታዊ ኣበርክቶ ክህልዎም'ዮም።

## 4/ ምሕዋይ ቁጠባ ዝሕግዙ ፖሊሲታት፥

ኣብ ምዕባለ ናይ ዝርከባ ሃገራት ቁጠባ ካብ ዘድልይዎ ቀንዲ ነገራት፡ ንጹርነት ውጡናት ስርዓት ቁጠባ፣ እንቨስትመንትን ውጽኢታቱን ዘውሕስ ምዕሩይ ሕግታት ምሕጋግ'ዮም። ገንዘባውን ገንዘባዊ ኖትን ፖሊስታት ብተሪር ሕግታት ምቁጽጻርን፡ ንሸማቶ ዝከላኸል ሕግታት ምህላዉን'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ንጥፈታት ቁጠባ ዘቀላጥፍን ፍቕዲ እንቨስተራት እናሻዕ ዝዛይድን፡ ናይ ኣታውን ሰደድን ሸቐጣት ምንቅስቓሳት ስሉጥ ኣገልግሎት ዝህብ ሕግታት ጉምሩክ ምሕጋግ የድሊ። ናይ ወልቀ ሰብ እቶት ኣብ ዝርጋሐ ዘቤታዊ ዕዳጋታት ናቱ ኣበርክቶ ሰለዝህልዎ ከብ ምባል። ጥዑይ ሂወት ዜጋታት ዘረጋግጽ ኣብ ኩሉ ደረጃታት ፍትሓዊ ጠቕላላ ሕግታት ቀረጽ ምሕጋግ። ሓይሊ ሰብ ምምዕባል ኣዝዩ ኣገዳሲ ስለዝኾነ፡ ቅድሚ ዝኣገረ ዝስልጠነ ሰራሕተኛ ምስፋሕ የድሊ። እዚ ኩሉ ካኣ ምእንቲ ብልጽግና ህዝቢ ኤርትራ ዘረጋግጽን፡ ቁጠባዊ ዕብየት ናብ ዝለዓለ ደረጃ ዘብጽሕን፡ ቐጻልነት፣ ምርግጋእን ምዕሩይ ልምዓትን ዘውሕስን፡ ሕልኽልኻት ዘይብሉ ንጹር ተዓጻጻፊ ሕግታት፣ ፖሊሲታት ኣገባብ ኣፈጻጽማኡን ምሕንጻጽ የድልዮ።

## 5/ ዘቤታዊ (ኮማዊ) ትካላት ምትብባዕ፥

ኣብ ዝኾነት ሃገር፡ ቁጠባዊ ዕብየት ናይ መንግስታውን ሕብረተ ሰብኣውን ኩሉ ትካላት

ምትሕብባርን፡ ብፍሉይ ቁጠባዊ ነጥፈታት ንዝሰርዕ ሓፈሻዊ ሕጊታት ምምእዝዛን ኣድላይ'ዩ። ብድሩት ንኡስ ቁጠባዊ ንጥፈታት ኣቢለን ርትዓዊ መኽሰብ ንምንዳይ ዝጽዕታ ውልዶ ሕብረተ ሰብኣዊ ተለምዶኣዊ ትካላት፡ ናይ ሕብረተ ሰብ ቁጠባ ምርግጋእ ውሱን ግደ ስለ ዝህልወን፡ መንግስቲ ክሕግዘንን ክድግፈንን ይግባእ። ድኽነትን ስራሕ ኣልቦነትን ንምንካይ፡ ናይ'ዘን ትካላት'ዚኣተን ንጥፈታት ብሕጊታት ምውዳብን፡ ኣብ ሃገራዊ ቁጠባዊ ዕብየት ግደአን ከበርክታ ክኽእላ መታን፡ ንተዓዋትነተንን ናብ ኣድማዕቲ ቁጠባዊ ትካላት ንምቅያረንን ብዝለዓለ ደረጃ ብፍሉይ ምድጋፍ። ከም ኤርትራ ብሩህ ዝኾነ ቁጠባዊ ስርዓት ዘይብላ ሃገር፣ ህዝባ ብዓለም ደረጃ ብዝተሓተ እቶት ዝነብርን መባእታዊ ድሑር ቁጠባዊ ኣገባብ ዝጥቀምን፡ ረብሓታት ዜጋታት ንምሕላው ብመንግስታዊ ኣፍልጦ ዘቤታዊ ማሕበራት ግብረ ሰናይን ምትሕግጋዝን (ኮኦፖራቲቫዊ) ምድጋፍ ይድሊ። ነዞም መሓውራት'ዚኣቶም ምድጋፍ፡ ከም ቁጠባ ምድጋፍን ምምዕባልን ኣሰራርሓኡ ምምሕያሽን'ዩ ዝቁጸር። እኩብ ድምር ውጽኢቱ ድማ ኣብ ምርግጋእን ዕብየትን ሃገራዊ ቁጠባ ኣወንታዊ ግደ ይህልዎ።

## 6/ ዋንነት መሬትን ህንጻን /Real estates/፥

ሕቶ መሬት ብሰንኪ ፖሊሲታት ተኸታተልቲ መግዛእታዊ ስርዓታት ካብ ቀደሙ ዝተሓላለኸ'ዩ። ድሒሩ ካኣ ስርዓት ህግደፍ ሕጊን ስርዓትን ዓደ'ቦን፡ ታሪኻዊ ማሕበራዊ ውርሻታትን ኣብ ግምት እንከየእተወ ኣብ 1994 ዘጽደቖ ሕጊ መሬትን፡ ሕቶ መሬት ኣብ ኤርትራ ኣዝዩ ዝተጠናነገ ሕቶ ኮይኑ'ዩ። ኣብ መጻኢ እዚ ፖሊሲ'ዚ ኣብ ኣሰፋፍራን ምትእስሳራትን ዝምልከት፡ ምትሕቑቛንን ማሕበራዊ ቅልውላዋትን ከፈጥር'ዩ። ስለ'ዚ መሰል ዋኒነት፣ ወይ መሰል ተጠቃምነት፣ ናይ ውልቀን ሓፈሻውን መሰል ብዘዕቅብ መልክዕ፡ ኣጠቓቕማ መሬትን ህንጻታትን ዝስርዕ ራእዱን ሕጊን ከድልየና'ዩ። ሰልፊ ሃገር ዴሞክራሲ ኤርትራ፡ እዚ ጉዳይ ብዝስዕብ መምርሒ ክቃነ ይርኢ፥

ዕለት 13 መስከረም 2007 ኣዋጅ ሕቡራት ሃገራት ብዛዕባ " መሰል ቀዳሞት ነበርቲ" ዝጠቀሶ መሰረት ብምግባር፡ ብዘይሕጋዊ ኣገባብ ዝተመንዘዐ ኩሉ መሬታትን ሕርሻታት ጨውን፡ ብመንገዲ ፖለቲካዊ ውሳኔ ናብ'ቶም ቀንዲ ዋናታቶም ምምላስ።

1. ናይ ቀንዲ ዋና መሰል ብዘዕቅብን፡ ናይ ተጠቃማይ መሰል ካኣ ብዘየጥፍእን መልክዕ፡ ሕቶ መሬት ብሕጊ ምፍዋስ።

2. ኣብ ጉዳይ መሬት፣ ኣሰፋፍራን፡ ዲሞግራፍያዊ ምቅይያራትን ፖሊሲታት ዲክታቶርያዊ ስርዓት ህግደፍ ዝሓድጎ መዘዝ ዝፍውስ መጽናዕትታት ምድላውን መደባት ምሕንጻጽን።

3. መሰል ወልቀ ዋንነት ዘፍቅድ፣ መሰል መንግስቲ ኣብ ምሕደራኡን ኣሰራርዓኡን ሓፈሻዊ ተጠቃምነት ዝዕቅብን ሕጊ ምጽዳቕ።

4. ብመሰረት ሕጊ ምንዘዐ መሬት ንሓፈሻዊ ጥቅሚ፡ ንሓፈሻዊ ረብሓ ብዝብል መሬቶም ንዚተመንዘዐ ወገናት ብቁዕን ፍትሓዊን ካሕሳ ምሃብ።

5. መንግስቲ፡ ሕቶ ኣባይቲ ምፍታሕ፡ ዕድመ፣ ማሕበራውን ቁጠባውን ኩነታት ዜጋታት ኣብ ግምት ዘእቱ ሓባራዊ መንበሪ ኣባይቲ (ኮንዶሚንየም) ምህናጽን፡ ኣብ ውሱን ዓመታት ብውህለላ ዝኽፈል ናብ ዜጋታት ብርትዓዊ ዋጋ ምሻጥን።

6. ናይ ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታት ድኹማት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ ዋንነትን ክራይን ዝሰርዕ ሕጊ ምጽዳቕ።

## 7/ ፖሊሲታት ማሕበራዊ ምዕራይ፥

ሃገር፡ በበይኑ ልምድታት፣ ያታት፣ እምነታት፣ ባህልታትን ጠለባትን ብዘሎዎ ሰፊሕ ሕብረተ ሰብ ዝቆመ'ዩ። ናይ ሕብረተ ሰብ ግደ ዝገትእ ዝኾነ ዓይነት ድሑር ሕማማት ከም እኒ መሃይምነት፣ ድኽነት፣ ብዕልግናን ካልእ ንሕብረተ ሰብ ብኣሉታ ዝጸልዉን፡ ብስልጡን ኣገባብ ብምፍዋስ ጥዑይን ኣፍራይን ሕብረተ ሰብ ምህናጽ። ሕብረተ ሰብ ብፍትሓዊ ፖሊሲታት ደረጃ ብደረጃ ንምምዕባልን ብቐጻሊ ምሕላይን፡ ናይ መንግስቲ መምርሒታትን፡ ናይ ዝምልከተን ውድባት ምክትታልን የድልዮ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ንምዕባለኡ ይኹን፡ ኣብ ምክንኻን ማሕበራዊ መዳያቱ ዝኾነ ዓይነት ተገዳስነት ኣብ ዘይረኣየሉ መዋእላት መግዛእቲ፡ ንነዊሕ ዘበናት ብኩናት ተሳቀየ'ዩ። ኣብ ርእሲኡ ድማ፡ መግዛእታዊ ስርዓታት ኮነ ኢሎም ብዝተኸተሉዎ ፖሊሲታት ፈላላዩ፣ መደንቆሪ፣ ጥሕሰ መሰረታዊ ሰብኣዊ መሰላት፣ ውሳኔኡ ምምንዛዕን፡ ኣብ ሃገሩ ክብረት ዘሎዎ ናብራ

ከይነብር ስለዝተገብረ ኣዝዩ ዝተጎድአ'ውን'ዩ። ፖለቲካውን ቁጠባውን ስርዓታት ብዝወርዱ ሕጊታት ኣብ ባይታ እንተዳኣ ዘይተቀይዶምሲ፡ ኣብ ሕብረተ ሰብ ብዝኸሰቱ ምልውዋጣት ንሕብረተ ሰባት ካብ ዘባዕልጉ ምኽንያት ሓደ ክኾኑ ይኽእሉ'ዮም። በቲ ካልእ ካኣ ሕብረተ ሰብ ናይ ገዛእ ርእሱ ሓድነት ንምዕቃብ መሰላቱ ከሓትት ይህልዎ። እቲ ዘሕዝን ግን፡ ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ ካብ ጽባሕ ናጽነት፡ መግዛእታዊ ስርዓት ክነዝሖም ዝፈተነ ሽግራት ዘባልሕ ማሕበራዊ ፖሊሲታት ኣበኪሩ ተኸቲሉዎ'ዩ። ህዝቢ ኤርትራ ነቲ ናይ ባዕዳዊ መግዛእቲ ከፋፊልካ ግዛእ ፖሊሲታት ሰሚሩ ይምከቶ እንተ ነበረ'ኳ፡ ሎሚ ኣብ መንጎ ህዝብና ሕድሕድ ምጥርጣራትን ዘይምትእምማንን ዝያዳ እናተጋፈሐ ክመጽእ ይርአ ኣሎ። ነዚ ክውንነት'ዚ ንምምካት'ምበኣር፡ መስርሕ ማሕበራዊ ምዕራይ ብዝስዕብ ኣረዳድኣ ከሓልፍ ንርኢ፥

## ሀ/ ማሕበራዊ ፍትሒ፥

ማሕበራዊ ፍትሒ ንምርግጋጽ፡ ናይ ዜጋታት ዘርኣዊ፣ ሃይማኖታዊ፣ ማሕበራዊ ቦታኦም፣ ቁጠባውን ባህላውን ፍልልያቶም ብዘየገድስ፡ እቲ ቀንዲ ኪንሰርሖ ዝግባኣና፡ ናይ ኩሎም ዜጋታት ማዕርነትን ፍትሕን ምውሓስ'ዩ። ኢትኒካውን ባህላውን ብዙሕነት ኤርትራ ብኣወንታ ኪንርእዮ ይግባእ። ያታታት፣ ልምድታትን ተሞክሮታትን ኣገደስቲ ረቛሒታ ሕብረተ ሰብኣዊ ዕቑር ሃብቲ ከም ምዃኖም መጠን፡ ጥንታውነት ሕብረተ ሰብን ብዙሕነታዊ ክብሪታቱን ዝምስክሩ'ዮም። ሕድሕድ ምክብባር ንምስፋን፡ ሰብኣዊ መሰላት፣ ሃገራዊ ጉብኣት፣ ሓፈሻዊ ሓርነታት ከም ካብ ቦታ ናብ ቦታ ምንቅስቓስ መሰል፣ መሰል ዋኒነት፣ ኣብ ውልቃዊ ንብረትካ ዝመሰለካ ምግባር፣ ናይ ካልኦት መሰላት ዘይምጽባእን፡ ዘነጽር ሕግን ስርዓትን ከነንጽፍ ይግባእ። መንግስቲ፡ ሕብረት ሰብ ንምምዕባል፡ ልምዓት ዕላማኡን ኣገባቡን ከም ምዃኑ መጠን፡ ክሰርሕ ንዝኽእል ዜጋ ዕድላት ስራሕ ምፍጣርን፡ ገበናት ብምምካት ንሕብረተ ሰብ ካብ ሓደጋታትን ሕብረተ ሰበ ዘበላሹ ኣደንዘዝቲ ዕጻዋትን ማሕበራዊ ብልሽውናን ካልእን ምክልኻልን። እዚ ኩሉ ነቲ ኣብ ኤርትራ ከነረጋግጾ እንደልዮ ማሕበራዊ ፍትሒ ጥጡሕ መሰረት'ዩ ዝኾውን።

## ለ/ ግደ ደቂ ኣንስትዮ ምዕዛዝ፥

ደቂ ኣንስትዮ ኣብ እዋን ሰውራ ኣዝዩ ከቢድ ሸኽም ተሸኪመን'የን። እንተኾነ ግን፡ ካብ ጽባሕ ናጽነት ክሳብ ሎሚ ስቅያተን ይቕጽል ኣሎ። ዝግባአን ክብርን ዝከላኸለለን ሕጊን ኣይረኸባን። ክንዲ ክቡር መስዋእትነተን ዝዳረግ ኣኽብሮት ኣይረኸባን። ሕብረተ ሰብ ብከልቴኡ ጾታ እንተዘይኮይኑ'ምበር፡ ብሓደኡ ክግስግስ ኣይክእልን'ዩ። ጠቕላላን ምዕሩይን ልምዓት ክረጋገጽ እንተኾይኑ፡ መሃይምነት ንምጥፋእን፡ ኣብ ልዕሊ ደቂ ኣንስትዮ ዝፍጸም ኩሉ ዓይነት ዓመጽ ንምውግድን ምቅላስ። ደቂ ኣንስትዮ ኣድማዒ ባእታ ሕብረተ ሰብ ኪኾና ዝሕግዝ፡ ሙሉእ ብሙሉእ ፖለቲካውን ቁጠባውን ማሕበራውን መሰላተን ብሕጊን ካልእ ሕጋጋትን ምውሓስ ይግባእ። ኣብ ርእሲኡ ካኣ፡ ኣብ መንጎ ደቂ ተባዕትዮን ደቂ ኣንስትዮን ኣብ መዳያት ትምህርትን ስልጠናን ዘሎ ሃጓፍ ዝዓብስ ኣወንታዊ ሓለፋ ምሃበን ምቕባል። ኣብ ኩሉ መደባት፡ ፖለቲካዊ ውሳኔ ኣብ ዝሕንጸጸሉ ዓውዲታት ብዝለዓለ ደረጃ ሓላፍነት ሱታፌአን ምዕዛዝ።

## ሐ/ ምሕብሓብ ስድራ ቤትን ምክልኻል ህጻንነትን፥

ስድራ ቤት ሕመረት ሕብረተ ሰብን መባእታ ጥዕናውነትን'ያ። ስለዚ'ዩ፡ ስድራ ቤት ንምድላውን ምዕራይን ኩሉ ዓቕሚታት ክማላኣላን፡ ጥጡሕ ሃዋሁ ክፍጠረላን ዝለዓለ ኣገዳስነት ዝወሃቦ። ዕድላት ትምህርቲ ብምስፋሕ፣ ሰናይ ክብርታት ብምዝርጋሕን፡ ብምዕሩይ ሕግታት ጥምረት ስድራ ቤት ምዕቃብ። ስድራ ቤት ምብታን፣ ምዕናው፣ ብዝተፈላለዩ ኣገባባት መንእሰያት ምብልሻው ዝዕላማኦም ኩለንተናዊ ምጻወድያታትን፡ ተርእዮ ገበናትን ብምምካት፡ ስድራ ቤት ምሕብሓብ ናይ መንግስቲ ሓላፍነት'ዩ።

ጥምረት ስድራ ቤት፣ ክብሪታትን ሰናይ ስነ-ምግባራን ብምዕቃብ፣ ፍቕሪ ሃገር ኣብ ወሎዶታት ብምስራጽ፣ ስሙርን ሓያልን ሕብረተ ሰብ ምህናጽ ከም ዝከኣል ዘጠራጥር ኣይኮነን። ብኡ ንብኡ ድማ፡ ንሕብረተ ሰብን ሃገርን ብሓንሳብ ዝህድዱ ሕማማት ምፍዋስ ይካኣል'ውን'ዩ። ከምኡ'ውን ህጻናት ናይ ጽባሕ ሰብኡትን ኣንስትን ስለዝኾኑ፡ ብምዕሩይ ኣተዓባብያ ምዕባይ፣ ጥዕናውን ስነእምሮኣውን ኣተኣላልያ ምግባርን፡ ዕድላት ትምህርቲ

ምምላእን፡ ከም ናይ መጻኢ ሃገር ጥዑይ ውጥናት'ዩ ዝውሰድ። ንሱ'ውን ጉባኣት መንግስትን ሕብረተ ሰብን'ዩ። መንግስቲ ምቹእ ሕጊታት ከሕጊግን ንዑኡ ዝምልከት መሓውራት ከተኽልን ይግባእ። ሕብረተ-ሰብ ድማ ብመሰረት ዝተቐመጠ ፖሊሲታት ግደኡ ክጻወት ይግባእ። እዚ ካኣ፡ ንኩሎም ናይ መንግስቲ ተገዳስነት ዘድልዮም ሕብረተ ሰብኣዊ ጉጅለታት ዝከላኸል ሕጋጋትን ሕግታትን ምህላው የድሊ። መንግስቲ ንሕብረተ ሰብ ካብ ሓደጋታትን ተመሓላለፍቲ ሕማማትን እንተዳኣ ተኸላኺልሉ፡ ሃገር እትምርኩሰሉን ካብ ውድቀትን ድኽመትን ዘልዕላን፡ ኣብ ልምዓት በ'ድማዕነት ዝሳተፍን ጥዑይ ሕብረተ-ሰብ ምህናጽ ይካኣል'ዩ። ሓይሊ መንግስቲ ኣብ ሓይሊ ሕብረተ ሰብ ክሙርኩስ ይግባእ።

## መ/ ግደ መንእሰያት ኣብ ቐጻሊ ልምዓት፥

መንእሰያት ናይ'ቲ ክረጋግጽ እንደልዮ ቐጻሊ ልምዓት ዓንዲ ሕቖ'ዮም። በኣኦም ምግዳስ ማለት፡ ክንደየናይ ብዛዕባ ቐጻልነትን ኣሳታፍነትን ልምዓት ምግዳስ ዘንጸባርቕ'ዩ። ናይ ሃገር መጻኢ ምዕባለ ንምሕንጻጽ፡ ዕቑር ዓቕምታት መንእሰያት ክወጽእ ምግባርን ምምዕባልን የድልየና። እዚ ኻኣ፡ ሓደስቲ ዘበናዊ ጠለባት ንኪገጥሙ ምእንቲ፡ እናሻዕ ብስልጠናታት እናመልመልካዮምን ብኣድለይቲ ምህዞታት እናዕጠቅካዮምን፡ ዕቑር ተውህቦታቶም ክወጽእ ብምግባር ክእለታቶም ክብ ምባል። ዓቕምታቶም ብምዕዛዝ ንሃገር ብሓፈሻ፡ ንመንኣሰያት ድማ ብፍላይ ዝገጥሞም ብድሆታት ንምምካት፡ ምስ ተደላይነታት ዕዳጋታት ዕዮን፡ ምስ ተቐላጣፊ ጽዕጹዕ ምዕባለ ዓለምን ዝጠዓዓም ዕድላት ዘበናዊ ምዕቡል ትምህርቲ ክረኽቡ ምግባርን፡ ስራሕ ኣልቦነት ምውጋድን፡ ተበጉሶታት መንእሰያት ምትብባዕ። ጥበብ ርክባትን ምትእስሳራትን ኣመራርሓን ከም ዝውንኑን ኣብ ወለንታዊ ዕዮ ምትብባዖም። ሽም ኤርትራ ኣብ ዞባውን ዓለማውን ውድድራት ክብ ክብሉ መታን፡ ናይ ዝተፈላለዩ ዓይነት ስፖርታዊ መደባት ውድድራት ምትብባዕ። ኣብ በበይኑ ዓይነት ስነ-ሓሳባውን ጥበብን ብሉጻት ባእታታት ምትብባዕ።

## 8/ ፖሊሲታት ትምህርቲ ምምዕባል፥

ገስጋስ ሃገራትን ስልጣኔታት ምህናጽን ምስ ገስጋስ ፍልጠት ዝተኣሳሰረ'ዩ። ንሱ ንገዛእ ርእሱ ባብ ልምዓትን ሓዲሽ ምዕባሌን'ዩ። ጥዑይ ገስጋስ ትምህርታዊ ፖሊሲታት መሰረታዊ ትሕተ ቅርጺ ስልጣኔ ሃገራትን ምዕባለኣንን'ዩ። እቲ ዘሕዝን ግን፡ ኣብ ኤርትራ ኣብ እዋን መግዛእትን፡ ኣብ እዋን ውልዶ ዳውላ ኤርትራን መስርሕ ትምህርቲ ከቢድ ስቅያት ከጋጥሞ ጸኒሑን ኣሎን'ዩ። ገዛኢ ስርዓት ህግደፍ መግዛእታዊ ስርዓታት ዝፈጠርዎ ሃጓፍ ደረጃ ብደረጃ ዝዓብስን ሕብረተ ሰብን ሃገርን ንቕድሚት ዘሰጉምን ጥዕይ ፖሊሲ ትምህርቲ ኣይተኸተለን። እኳ ዳኣስ መስርሕ ምዕባለ ሕብረተ ሰብ ምስንኻል ዘሐድስ ስርዓተ ትምህርቲ'ዩ ተኸቲሉ። እቲ ዝተኣታተዎ መደባት ትምህርቲ ቛንቛ ኣደ፡ ምስ ድልየት ሕብረተ ሰብ ኤርትራን፡ ምስ ጭቡጥ ዓቕምታት ውልዶ ዳውላ ኤርትራን (ሃገረ ኤርትራ) ዝቃዶ'ውን ኣይነበረን። ከምይ ጌሩ ስርዓተ ትምህርቲ ብሾመንተ ቛንቛታት ብዝተማለአ ኣገባብ ክቕርብ ዝኽእል?!! ገልኣን'ውን ካብ'ቲ ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣኣን ወጻኢ፡ እንተላይ ኣብ ውሽጢ ዞባታት ኤርትራ'ውን ምትእስሳራት ዘይብለን'የን። ናይ'ዘን ቛንቛታት'ዚኣተን ሕደት ፍቕዲ ሙሩቃት ዘሎዋ ሃገር፡ ከመይ ጌራ'ያ ኣብ መዓላኡ ክተውዕሎ?!! ከምቲ ዝግባእ ከተውዕሎ ዘይትኽእል እንተ'ኼና ድማ፡ ኣብ ርእስ'ቲ ነዚኣተን ቛንቛታት ኣብ ኣተገባብራ ዝገጠመን ምህማሽ፡ ብርግጽ እቲ ትምህርቲ ቛንቛ ኣደ ላግጺ'ዩ። ትምህርቲ ኣብ ልምዓት መሰረታዊ ጉዳይ ስለዝኾነ፡ ዝስዕብ ዕላማታት ከረጋግጽ ይግባእ፥

## ሀ/ ማሕበራዊ ፍትሒ፥

ሕቡራት ሃገራት ኣብ ዕላማታት ልምዓት ሳልሳይ ሽሕ ከም ዘነጸረቶ፡ " ትምህርቲ ንኩሉ ሓፈሻዊ መሰል'ዩ"፡ " ጾታዊ ማዕርነት ምዕዛዝን ደቂ ኣንስትዮ ምጥንካርን"'ዩ። ትምህርቲ ብስሩ ሕብረተ ሰብኣውን ውልቃውን ተደላይነታት ፍልጠት፣ ጥበብን ክብሪታትን መኽሰባት ምጥራይ ዝዓለመ'ዩ። እዘን ሰለስተ'ዚኣተን፡ ዝኾነ ስልጣኔ ዝንቀሳቐሰለን ዙርያ'የን። ኤርትራ ጠርሻ ኣብ ሓጺር እዋን ካብ ኩሉ ዓይነት መሃይምነት፡ ማለት ናይ

ቀለም መሃይምነት፣ ናይ ሞያ መሃይምነት፣ ናይ ተክኖሎጂ መሃይምነት ክትናገፍ ኣሎዋ። እዚ ናይ ኩሉ ኣብ ሃገር ዝነብር ዜጋ መሰረታዊ መሰል'ዩ። ኩሉ ክፍልታት ሕብረተ ሰብ ብመንገዲ ማሕበራዊ ፍትሕን ዲሞክራስን ምዕሩይ ሽርክነትን ልምዓት ንምርግጋጽ፡ ኣብ ከተማታት ኮነ፡ ኣብ ገጠራት ዝነብር ህዝቢ ብስሉጥን ቀሊል ኣገባብን ዕድላት ትምህርቲ ክረክብ ኣሎዎ። ኣብ መንጎ ዓቀንን ዓይነትን ሚዛኑ ዝሓለወ ትምህርቲ ምዝርጋሕ ኣዝዩ ተደላይነት ኣሎዎ። ዕላማ ዘሎዎ ትምህርቲ፡ ኣብ ሰነ-ምግባር ሕብረተ ሰብን ውልቀን ኣወንታዊ ለውጢታት የተኣታቱ'ዩ። ንሕብረት ሰብ ዝጋጥምዎ ሽግራት በ'ድማዕነት ንምፍታሕ ይሕግዝ'ውን'ዩ። ስለ'ዚ፡ ኣገዳሲ ተሽካሚ ገስጋስ ምዕባለን ብልጽግናን ሕብረተ-ሰብ'ዩ።

### ለ/ ምዕቡል ትምህርቲ፥

ዕላማታት ካብ ክምርኮሰሉ ዝግባእ፡ ብመንገዲ ውጡን ምዕቡል ትምህርቲ ኣቢልካ ሃገር ዘመሓድር ክእለታት ምፍራይ'ዩ። ናይ'ዚ ትምህርቲ'ዚ ቁም ነገር ንኩሉ ጽላታት ማእቶት ዘድሊ ቁጠባዊ ልምዓትን ርእሰ-ኣኽእሎን ምግልጋል'ዩ። ተክኖሎጂያዊ ምዓባለ በብጊዜኡ ብዝተቀላጠፈ ኣገባብ ይግስግስ እንተሃለወ'ኳ፡ ንዕኡ ንምክትታል ኣዝዩ ምዕቡል ትምህርቲ ምቅሳምን፡ ሕብረተ ሰብን ሃገርን ኤርትራ ዝመርሕን፡ ኣብ መስርዕ ደየብቲ ሃገራት ዘሰልፉን ዝተማሃረ ወሎዶታት ንምቅራብ፡ ኣብ ተክነሎጂያዊ መዳይ ልዑል ዓቕምታትን ስትራተጂያዊ ውጥንን ምድላብ የድሊ።

## 9/ ስርዓት ጥዕናን፡ ኣካላውን መንፈሳውን ሕብሓበን፥

ጥዕናዊ ኣገልግሎትን ብሓፈሻ፡ ብኣካባቢ (Environment) ምግዳስን ጉቡኣት መንግስቲ ኮይኑ፡ ንሱ እቲ ዝነኣሰ መሰል ንድሕነት ጥዕና ዜጋን ሕብረተ ሰብን ክቀርብ ዝግባእ'ዩ። ኣብዚ ዘበን'ዚ፡ ጥዕናዊ ኣገልግሎትን ኣካባብያዊ ምዕባለን፡ ከም ጥዕና ዜጋ ዘዕቅብ ኣድላይ ጉቡእን ገስጋስ ሃገርን ጌርካ ዝቁጸር'ዩ። መላእ ዜጋታት፡ ኣገልግሎት፣ ጥዕናዊ ናብዮት፣ ቅድመ-ምክልኻልን ፍወሳን፡ ብተወሳኺ ድማ፡ ናይ ንኡስ እቶት ዘሎዎም ዜጋታት ኩነታት ኣብ ግምት ዘእትው፡ ጽርየቱ ዝሓለወ ብትሑት ዋጋ ብቐጻሊ ምቅራብ። ሰልፊ ሃገር

ዴሞክራሲ ኤርትራ ካብ'ዚ ኣረዳድኣ'ዚ ብምብጋስ፡ ጥዕናዊ ኣገልግሎ ዝስዕብ መምርሒታት ክሕዝ ይርኢ፥

ናይ ጥዕናዊ ምልክኻል፣ ፍወሳን ጽርየት ኣካባብን ጥሙሓዊ ውጥናትን ሕጋጋትን ብክኢላታት ምሕንጻጽ። ከምኡ'ውን በዚ ጉዳይ'ዚ ካብ ዝግደሳ ኣህጉራዊ ውድባት ተሞኩሮታት ምውሳድ።

ሀ/ ኣብ ከተማታት ፍሉይን ሓፈሻውን (specialist and General) ማእከላት ጥዕና ምትካል። ብሓዲሽ መሳርሒታት ጥዕና፣ ክኢላታት ሓካይምን ተሓጋዝቲ ክኢላታትን ምድጋፍ።

ለ/ ኣብ ኩሉ ከባቢታት ሃገር ኣስገዳድ ክታበት ህጻናት ምዝርጋሕ።

ሐ/ ዓቕሚ ሕብረተ ሰብ ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ መድሓኒታት ብሚዛናዊ ዋጋ ምቕራብ። መድሓኒት ዘፍርያ ፋብሪካታትን ብዛዕባኡ ምርምራት ዘካይዳ ትካላትን ምድጋፍ።

መ/ ምእንቲ ጽርየት ጥዕናዊ ኣገልግሎት፡ ጥዕናዊ እንሹራንስ ምምዕባልን፡ ንኩሉ ዜጋታት ከም ዝባጻሕ ምግባርን።

ረ/ ኣረጋውያንን ድኹማትን ኣብ ውሽጢ ስድራ ቤት ምንባይ። ብፍሉይ ኩነታት ድማ፡ ዝተማለአ ምክንኻን ዘሎዎም ማእከላት ምትካል።

ሰ/ ኣካላውን ስነእምሮኣውን ጸገማት ዘሎዎም ኣብ ኩለንትናዊ መዳያት ብቑዕ ኣተኣላልያ ምሃብ።

ሸ/ ብዛዕባ ክኢላታት ሕክምናን ጥዕናን ምድላውን ምስልጣንን ምግዳስ። ሞያኦም ብቐጻሊ ምምሕያሽ።

ቀ/ ከተማታትን ኣዳራሻት ስፖርትን፡ ምህናጽን ምምዕባልን። ኣብ'ዞም ትካላት'ዚኣቶም ዝሰርሑ ሰራሕተኛታት ብዘበናዊ ኣገባብ ምስልጣን።

በ/ ስፖርታዊ ክበባት ምቛም ምትብባዕን፡ ከም ሓቛፊ ሃገራዊ ዕቤት መጠን፡ ኣብ ስነ-ሓሳባዊ፣ ባህላዊ፣ ማሕበራዊ፣ ኣካላውን መንፈሳውን መዳያት፡ ሕድሕድ ተማላላእነት ዘሎዎም ክብሪታት ሓድነት፣ ስኒት፣ ሓላፍነትን፣ ኩርዓት ሃገራውነትን ምስራጽ።

# ታሻዓይ ምዕራፍ
# ስርዓታዊ ሓይልታትን ሃገራዊ ድሕንነትን፥

## 1/ ሰራዊትን ሃገራዊ ምክልኻልን፥

ጸጥታዊ መሓውራት ሃገር ካብ መንጎኡ ሰራዊት፣ ፖሊስን ስለያን ሃገራዊ ሓይልታት'ዮም። እዞም መሓውራት'ዚኣቶም ምርግጋእ፣ ሰላምን ልምዓትን ኣብ ምስፋን ኣድማዒ ግደታት ክህልዎም እንተኾይኑ፡ ዝለዓለ ታዕሊም፣ ስልጠናን ምዕቡል ምድላውን ክረኽቡ ይግባእ። ናይ'ዞም መሓውራት ህላወ ከምቲ ገለ ሰባት ዝግምትዎ፡ ምእንቲ ንግዳማዊ ኲናት ምቅርራብን ኣብ ልዕሊ ሂወት ህዝቢ ኣብ ውሽጢ ሃገር ዓቕኑ ዝሓለፈ ዕብለላ ምርግጋጽን ዘይኮነስ፡ ምእንቲ ጸጥታዊ ምርግጋእ ሃገር ዝዓዩን ኲሉ ዓቕምታቶም ኣብ ረብሓ ሃገራዊ ልምዓት ዘውዕሉን'ዮም። ከምኡ'ውን ኣብ ጽንኩር ጊዜ ምስ ህዝቢ ተሓባቢሮም፡ ካብ ውሽጣውን ግዳማውን ተጻብኦታትን ተህዲዳትን፡ ንሃገር ዝከላኸሉ'ዮም። ስለ'ዚ፡ ሰራዊት ኣብ እዋን ዝኾነ ዓይነት ተህዲዳት ብቑዕ ሓላዊ ሃገር ክኸውንን፡ ኣብ እዋን ሰላም ተሸካሚ ሓይሊ መንኮርኲር ልምዓት ክኸውን እንተዳኣ ኾይኑ፡ መሓውራቱ ብዝበለጸ ምሕያልን እኹል ደገፍ ምሃቡን ይሓትት። ዝተወሃቦ ዕማሙ በብቕዓት ንምፍጻም'ውን፡ ዝለዓለ ክእለታት ብዘሎዎም ባእታታት ምጥንካር። ስልፊ፡ ሰራዊት ብዝስዕብ መምርሒታት ክህነጽ ይርእይ፥

ሀ/ ሰራዊት ብመሰረት ዝተነጸረ ሓዲሽ ሞያ ምቛም። ወተሃደር ኣካላውን ሰነእምሮኣውን ሓይሊ ክህልዎ ምግባር። ኣሃዱ ሰራዊት ኣብ ሞያኡ ብቑዕ ክገብሮ ዝኽእል ልዑል ታዕሊም ምውሳድ።

ለ/ ግደ ሰራዊት፡ ዶባት ሃገርን ቅዋማዊ ማሓውራትን ምሕላው ምኺኑ ኣብ ቅዋም ብንጹር ምስፋር።

ብተወሳኺ ከም መማላእታ ዕማሙ ድማ፡ ኣብ ቁጠባውን ማሕበራውን ልምዓት ምስታፍን፣ ባህሪያዊ ሓደጋታትን ካልእን ምክልኻልን።

ሐ/ ኣብ ንጹር ሃገራዊ ራእዩን ርእሰ ሙርኮሳን ዘትከለ ወታሃደራዊ ኣብያተ ትምህርቲ ምቛም። በብዓይነቱ ወተሃደራዊ ተደላይነታት ምስናዕ። መንእሰያት ምእንቲ ሃገሮም ብልዑል ሃገራዊ ውነ ንኩሉ መልከዓት መስዋእቲ ቅሩብ ዝገብርን፡ ሃገራዊ ፍቅሪ ዘስርጽን ሃገራዊ ኣገልግሎት ምንጻር።

መ/ ኢሻራነትን ሃገራውነትን ሰራዊት ኣብ መረጻ ምውሓስ። ኣብ ፖለቲካውን ፖለቲካዊ ሰልፍታትን ግጭታት ዘይምርግራጉ።

ረ/ ናይ ሰላም፣ ወይ ናይ ኲናት ውሳኔ ዝወስድ፡ እቲ ብሕጊ ስልጣን ዝተወሃቦ ወገን፡ እንተስ ሓጋጊ ስልጣን፣ ወይ ፕሪስደንት፣ ወይ'ውን ፈጻሚ ስልጣን ምዃኑ፡ ከም'ቲ ኣብ ቅዋም ዝሰፍሮ ምጥቃስ።

ሰ/ መትከላት ወተሃደርነትን ሞያን ዝፈልጥን፡ ክእለትን ጥበብን ውግእ ዘሎዎን፡ ኣብ ዝኾነ ዝተጻወዓሉ ህሞት ዝቅረብን፡ ንሰራዊት ዝሕግዝ ዐቁር ሰራዊት ምህናጽ።

ሸ/ ስድራ ቤታት ስዉኣትን ስንኩላትን ምእላይ። ጉዳያቶም ዝምልከቶ መሓውር ምቛም።

## 2/ ጸጥታን ሃገራዊ ስለያን፥

ሃገራት፡ ዜጋታን፣ ዶባተን፣ ትካላተንን ብዝተፈላለዩ ኣካላት፡ እንተስ ብጸጥታ ይኹን ብስለያ ክከልኸላ መሰለን'ዩ። እዞም መሓውራት'ዚኣቶም ሕጊ ብዘይጥሕስ መንገዲ፡ ናይ ሕብረተ ሰብን ወልቀን ምርግጋእን ሰላምን ንምስፋን ዝጽዕቱ'ዮም። ዝስዕብ ከማልኡ ይግባእ፥

ሃገራዊነት ጸጥታዊ ትካል ንምርጋግጽ፡ ኣብኡ ዚምደቡ ዜጋታ ሞያዊ ክእለት፣ ግልጽነትን ሃገራውነት፣ ትምህርዊ ብቕዓት፣ ኣካላዊ ቁመና፣ ስነእምሮኣውን መንፈሳውን ብልሓትን ዘማልኡ ክኾኑ ይግባእ።

ሀ/ ዜጋታት ብዘይምሹቕራርን ብዘይምሽባርን፡ ውሽጣውን ግዳማውን ሓደጋታት ንምክልኻል፣ ረብሓታት ዜጋታት ንምዕቃብ፣ ጸጥታውን ማሕበራውን ምርግጋእ ንምስፋን፣ ምስጢራት፣ ጸጋታት፣ ወተሃደራውን ፖለቲካዊ ዓቕሚታትን ሃገር ንምሕላውን፣ ግደኡ ብሕጊ ምስልሳል።

ለ/ ናይ ሃገር ጸጥታ፣ ቁጠባን ወተሃደራውን ኩነታት ንሓደጋታት ዘሳጥሑ ግዳማዊ ተጻብኦታትን ስልኳታት ጃሱስነትን ዘምክን ዕማም ቅድመ ምክልኻል ምድላው። ሽበራ፣ ኮንትሮባንድ፣ ኣደንዘዝቲ ዕጽዋት፣ ሕጽቦ ማልን ውዱብ ገበናትን ምምካት።

ሐ/ ትካላት ጸጥታ እንተዳኣ ጉጉይ ኣጠቃቅማ ስልጣን ተጠቒሞም፡ ብሕጋዊ ተሓታትነት ምቅያድ።

## 3/ ፖሊስን ሕብረተ ሰብኣዊ ጸጥታን፥

" ፖሊስ ኣገልጋሊ ህዝቢ'ዩ" ዝብል ካብ ኣቋቁማኡ ዝመጸ'ዩ። ሕግን ስርዓትን ንምስፋን፡ መንግስትን ፍራዲ ኣካልን ዝሕግዝ በርጌሳዊ መሓውር'ዩ። ኣብ ጊዜ ሰላም፡ ምርግጋእ ዘዕቅብ'ዩ። ሓርነት ቀንዲ ምኽኑ ክልከላ ድማ ፍሉይ ምኽኑ ብምርዳእ፡ ግዝኣተ ሕጊ ንምንጋስ ዝዓዪ'ዩ። ብኡ ንብኡ ድማ ንዜጋታት ኣገልግሎታት ዘሳልጥ'ውን'ዩ። ሰልፊ መደባት ፖሊስ ዝስዕብ ኣብ ግምት ከእቱ ይርኢ፥

ሀ/ ሃገራዊ ኣቋቁማ ክህልዎ ምግባር። ግደኡ በብቕዓትን ኣድማዕነትን ክጻወት ዘኽእሎ ጠቕላላ ታዕሊም ክወስድ ይህልዎ።

ለ/ ድሕንነት ሕብረተ ሰብ፣ ንብረትን፡ ህያው ትካላትን፡ ምሕላውው። ቅልጡፍ ኣገልግሎት ንህዝቢ ምስላጥ። ሓፋሻዊ ሕጊን ስርዓትን፣ ስነ-ምግባርን፡ ምርግጋእን ሰላምን ምስፋን።

ሐ/ መሓውር በርጌሳዊ ምክልኻል (Civil Defence) ምምዕባልን፡ ባህሪያዊ ሓደጋታት ምምካት።

መ/ ሰብኣውነት ኣብ ጸብጻብ ብምእታው፡ መሰል እሱር ምኽባርን ኣብያተ ማእሰርቲ ምምሕያሽን።

ረ/ ሓይልታት ፖሊስ ኣብ ልዕሊ ዜጋ ሕጊ ዘይፈቕዶ ዓመጽ ምጥቃም ዝኸልክል ሕጊ ምሕጋግ።

# ዓሽራይ ምዕራፍ
# ስትራተጂያዊ ራእዩ ንዝምድናታት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ

ናይ ኤርትራ ዝምድናታት ወጻኢ ኣብ ሃገራዊ ስትራተጂ ዘትከለ ክኸውን ኣሎዎ። ነዚ ስትራተጂ'ዚ ኣብ ቁጠባዊ፣ ፖለቲካዊ፣ ተክኒካውን ወተሃደራውን መዳያት ንምዕዛዝ፡ ዘባውን ኣህጉራውን ሽርክነትን ምሕዝነትን ምግባር። ቀዳምነታቱ ዝስዕብ ይኸውን፥

1) ሓባዊ ረብሓታት ንምርግጋጽ፡ ምስ ጎረባብቲ ሃገራት ድልዱል ዝምድና ምህናጽ። ናይ ሕድሕድ ሰላምን ልዑላውትን ምኽባር። ኣብ ናይ ካልእ ውሽጣዊ ጉዳያት ጣልቃ ዘይምእታው።

2) ኣብ ሓባራዊ ረብሓታት ዘትከለ ዉዑላት፣ ምሕዝነታት፣ ዕርክነታት ምግባር። ዞናዊ ምርግጋእን ሰላምን ምዕቃብ። ምእንቲ ግልጽነቱ ድማ፡ ብፓርላማ ምጽዳቕ።

3) ምስ ኩለን ሃገራትን፡ ኣህጉራዊ ውድባትን ጥዑይ ዝምድና ምህናጽ። ዘባዊ ኮነ ኣህጉራዊ ምትእኽኻባት ጸረ ገለ ሃገራት ዘቕነዑ ኪዳናት ናብ ሓደኡ ዘይምሽራው። ሃገራዊ ልዑላውነት ምክልኻል፣ ወይ ሰላምን ረብሓ ህዝብን ሃገርን ኤርትራ ምኽባር፡ እንተዘይኮኑ'ምበር፡ ኣብ ዝኾነ ኲናት ዘይምእታው።

4) ኣብ ኩሉ ፖለቲካዊ፣ ጸጥታው፣ ቁጠባውን ማሕበራውን መዳያት ጽኑዕ ዘባዊ ምትሕብባር ምፍጣር። ሕብረት ኣፍሪቃ ከም ሓደ መሰረታዊ ዘባዊ ጽላል መጠን፡ ኤርትራ ተሳትፎኣ ኣብኡ ምዕዛዝን፡ ኣብ ካልኦት ምትእኽኻባት'ውን ምቕጻል። ፍሉይነታት ሓባራዊ ረቛሒታት ኣብ ግምት ብምውሳድ፡ ቀዳምነታታ ምስ ሃገራት ቀርኒ ኣፍሪቃ ምስራዕ።

5) ናይ ቀይሕ ባሕሪ ሃገራት ሓባራዊ ረብሓታት ንምርግጋጽን፡ እንተላይ ወደባትን ደሴታትን ኤርትራ ንምሕላውን፡ ናይ ቀይሕ ባሕሪ፣ ባብ-ኣልመንደብን ኣህጉራዊ ማያዊ መመሓላለፍን ጸጥታ ምዕቃብ። ከምኡ'ውን ባህሪያዊ ኣካባቢ፣ ባህሪያዊ ሃብቲ፣ ሃብቲ

ዓሳን ኣብ ቀይሕ ባሕሪ ዝግበር ቱሪስታውን ቁጠባውን ንጥፈታትን ምዕቃብ።

6) ምስ ጎረባብቲ ሃገራትን ዞባን ዝእሰሩ ዉዑላት መሰረት፡ ዝተፈላለዩ ሓባራዊ ሃብቲ፣ ቁጠባን እንቨስትመንትን ምዕቃብ። ምንቅስቓስ ዜጋታትን ንብረትን ስሉጥ ምግባር። ብተወሳኺ ካኣ፡ ኣብ ረብሓ ልምዓትን ምርግጋእን ህዝቢታት ዞባ ዝውዕል፡ ኣብ ተክኖሎጂ፣ ስልጠና፣ ዓቕሚ ሓይሊ ሰብ ምዕባይ፣ ዝተፈላለዩ ኣገባባት ማእቶት ምምዕባል፣ ውሕስነት ምግብን ማይን፣ ተከኒክን ሕርሻን መዳያት ሕድሕድ ምትሕብባር ምሕያል።

7) ምስ ኣህጉራዊ ውድባት፡ ኣውራ ድማ ምስ ውድብ ሕቡራት ሃገራት ልምዓታዊ ፕሮግራማታ ምዕዋትን፡ ዓለማዊ ሰላምን ጸጥታን ምዕቃብን ሓባራዊ ምትሕብባር ምዕዛዝ። ኤርትራ ብዝፈረመትሎም ኣህጉራዊ ዉዑላትን ቻርተራትን ብፍላይ ካኣ፡ ኣብ ሰብኣዊ መሰላት፣ ቁጠባውን ንግዳውን ምትሕብባር፣ ሳይንስን ባህልን ምልውዋጥን ብዝምልከት ምምእዛዝ።

## ጥቅምቲ 2019

## ተፈጸመ

# ትሕዝቶ


| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| መእተዊ | | 1 |
| ቀዳማይ ምዕራፍ | ጂኦግራፍ ታሪኽን ኤርትራ | 1 |
| | ጂኦግራፍያዊ ኣቀማምጣ | 1 |
| | ስትራተጂካዊ ኣገዳስነታ | 2 |
| | ታሪኻዊ ድሕረ ባይታ | 2 |
| ካልኣይ ምዕራፍ | ፖለቲካዊ ኩነታት ስርዓትን ተቓውሞን ኤርትራ | 3 |
| | ሃገራዊ ናጽነት ምጒንጻፍ | 3 |
| | ጊዜያዊ መንግስቲ | 3 |
| | ተቓውሞ ኤርትራ | 4 |
| | ገምጋም ተሞኩሮ ተቓውሞ ኤርትራ | 4 |
| ሳልሳይ ምዕራፍ | ሕብረተ ሰብኣዊ፣ ፖለቲካውን ባህላውን ስኒት | 6 |
| | ሃገራዊ ሓድነት | 6 |
| | ሃገራዊ እንትማእን ርድየት ዞባታትን | 7 |
| | ሃይማኖታትን ሓርነት እምነትን ምኽባር | 9 |
| | ባህላዊ እንትማእ | 10 |
| | ሽበራ ኣዕናዊ ሂወት'ዩ | 11 |
| ራባዓይ ምዕራፍ | ኣድላይነት፣ ሌላ፣ራእዩን መወከስን ሰሃዴኤ | 12 |
| | ሰልፊ ሃገር ዲሞክራሲ ኤርትራ (ሰሃዴኤ) | 12 |
| | ንምንታይ ሓዲሽ ሰልፊ ኣድለየ | 12 |
| | ሌላ | 14 |
| | መልእኽቲ ሰልፊ | 14 |
| | ራእዩ ሰልፊ | 14 |
| | መወከሲ ሰልፊ | 15 |
| ሓሙሻይ ምዕራፍ | ሞቆሚያታት፣ መትከላት፣ ዕላማታትን ኣገባባትን | 15 |
| | ሃገራዊ ሞቆሚያታት | 15 |
| | መትከላት | 15 |

| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| | ዕላማታት | 16 |
| ሻዱሻይ ምዕራፍ | ኣገባባት | 18 |
| | ለውጥን ፖለቲካዊ ምዕራን | 19 |
| | ራእዩና ብዛዕባ ለውጥን ምዕራይን | 19 |
| ሻብዓይ ምዕራፍ | መድረኽ ቃልሲ ህልው ስርዓት ንምልቃጥ | 19 |
| | መሰጋገሪ መድረኽ | 20 |
| | ሰረት ህንጸት ዳውላ (State) ኤርትራ | 22 |
| | ህንጸት ዳውላ ግዝኣተ ሕጊ | 22 |
| | ኤርትራዊ ቅዋም ምጽዳቕ | 23 |
| | ፖለቲካዊ ኣሰራርሓ | 24 |
| | ስርዓተ ምሕደራ | 26 |
| | ስቭላዊ ውድባትን ዘቤታዊ ምሕደራን | 27 |
| | ሓፈሻዊ ሓርነታትን ዜና | 29 |
| | ባህልን ስነ-ጥበብን | 30 |
| ሻሙናይ ምዕራፍ | ልምዓታዊ፣ቁጠባውን ማሕበራውን ፖሊሲስታት ምዕራይ | 32 |
| | ምርኩሳት ምዕሩይ ልምዓት | 32 |
| | ቁጠባዊ ኩውንነትን ብኩራት ራእዩን | 33 |
| | መሰረታዊ ቁጠባዊ ትሕተ ቅርጻ ምህናጽ | 33 |
| | ምሕዋይ ቁጠባ ዝሕጊዙ ፖሊሲታ | 34 |
| | ዘቤታዊ (ኮማዊ) ትካላት ምትብባዕ | 34 |
| | ዋኒነት መሬትን ህንጻን (Real estates) | 35 |
| | ፖሊሲታት ማሕበራዊ ምዕራይ | 36 |
| | ማሕበራዊ ፍታሒ | 37 |
| | ግደ ደቂ ኣንስትዮ | 38 |
| | ምሕብሓብ ስድራ ቤትን ምክልኻል ህጻናትን | 38 |
| | ግደ መንእሰያት ኣብ ቐጻሊ ልምዓት | 39 |

| ምዕራፍ | ኣርእስቲ | ገጽ |
|---|---|---|
| | ፖሊሲታት ትምህርቲ ምምዕባል | 40 |
| | ማሕበራዊ ፍትሒ | 40 |
| ታሻዓይ ምዕራፍ | ምዕቡል ትምህርቲ | 41 |
| | ስርዓተ ጥዕና፣ ኣካላውን መንፈሳውን ሕብሐባ | 41 |
| | ስርዓታዊ ሓይልታትን ሃገራዊ ድሕንነትን | 43 |
| | ሰራዊትን ሃገራዊ ምክልኻልን | 43 |
| | ጸጥታን ሃገራዊ ስለያን | 44 |
| | ፖሊሲን ሕብረተ ሰብኣዊ ጸጥታን | 45 |
| ዓሸራይ ምዕራፍ | ስትራተጂካዊ ራእዪ ንዝምድናታት ወጻኢ ጉዳያት ኤርትራ | 46 |